# ሓዳስ ኤርትራ

The State of ERITREA

ረቡዕ

መበል 24 ዓመት ቁ.129 | 7 ጥሪ 2015 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 3
ትልሂት ከም ኣካል ቱሪዝም




ገጽ 4
ቁልዓ መብጽዓ - ኣይዚ ዓረር ኣብ ዝበና

ገጽ 5
ዘይምቁጽጻር ሽንቲ ለይቲ



ገጽ 8
ምስሊታትና ብቢጋ ኣይተርጉሙ

ገጽ 11
ሮናልዶ ሻድሻይ ኮይኑ




# ብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ ዲዮስቆሮስ ቃለ-ቡራኬ ሂቦም

ብጹዕ ወቅዱስ ኣቡነ ዲዮስቆሮስ ራብዓይ ፓትሪያርክ ወርእሰ-ሊቃነ ጳጳሳት ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ፡ ብምኽንያት በዓል ልደት ንመእመናን ቃለ-ቡራኬ ሂቦም።

ኣቡነ ዲዮስቆሮስ ኣብ መልእኽቶም፣ "ብጥሉል ክራማትን ብርኩት ቀውዕን ኣሰጁ ናብዚ ዘበቅዕና ኣምላኽ ክብርን ምስጋናን ይብጽሓዮ" ድሕሪ ምባል፡ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ንዘርከቡ መእመናን፣ ኣብ ምሕላው ወሰናስን ሃገር ተዋፊሮም ንዘለዉ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል፣ ኣብ ሆስፒታላት ተዓቚቦም ንዘርከቡ ሕሙማት፣ ብሓፈሻ ንኹሎም



መእመናን "እንቋዕ ናብ ብርሃ ልደቱ ኣብቅዓኩም" ኢሎም።

ኣብ መወዳእታ መልእኽቶም ብጹዕ ወቅዱስ ኣቡነ ዲዮስቆሮስ፣ በዓል ልደት በዓል ፍቕርን ሰላምን፣ በዓል ሓድነትን ስምረትን ክንዕበረልና ሰናይ ምንዮቶም ድሕሪ ምግላጽ፣ እቲ በዓል ምሉእ ሓጎስ ዘለዎ ንክኸውን፡ ኣብ ሽግርን ጸገምን ንዘርከቡ ወገናትና ካብ ዘለና ከነካፍሎም፣ ንዝዓረቑ ክንሕግዞም፣ ንዝሓመሙ ድማ ክንበጽሖም ኣባታዊ ለበዋኦም ኣሕሊፎም።

# ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ፡ መንእሰያት ንሃገራዊ ረብሓ ዘካይዱዎ ጻዕሪ ክደፍኡሉ ከምዝግባእ ተገሊጹ

ኣብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ዝርከቡ መንእሰያት፡ ንቅሓቶም ብምብራኽን ውዳቤኦም ብምሕያልን ንሃገራዊ ረብሓ ዝሰላሰል መደብት ልምዓት ክድርዑ፡ ኣካያዲ ስራሕ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ ማንታይ፡ ኣብ ዓመታዊ ገምጋም ጨንፈር ሃማመተኤ ናይቲ ዞባ ኣዘኻኺሩ።

"መንእሰያት ኤርትራ ኣብ ምምጻእ ናጽነትን ምውሓስ ልኡላውነትን ዘርኣይዎ ጅግንነትን ተወፋይነትን ፍሉይ ምዕራፍ ዝሕዝ'ዩ" ዝበለ ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ፡ ሃማመተኤ ከም ኣካል ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንመንእሰያት ኣብ ምንቃሕን ምውዳብን ንዝተጻወቶ ተራ ድሕሪ ምምጓስ፡ ኣብዚ ናይ ዳግመ-ህንጻ እዋን - ክብርታቱ ዝዕቅብ ብቑዕ መንእሰይ ንምምልማል ከቢድ ዕማም ከምዝጽበዮ ብምዝኽኻር፡ ምምሕዳር ዞባ ኣብ ዝዑበሮ ንጥፈታት ሓገዙ ከበርክት ድሉው ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

ኣቦ-ወንበር ሃማመተኤ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕባሕሪ ኣብ 2014፡ ፖለቲካዊ፡ ማሕበራዊ፡ ቁጠባዊ፡ ጥዕናውን ትምህርታውን ንቅሓት መንእሰያት ክብ ንምባል ዝተፈጸሙ ጎስጓሳት፡ ንዝተኻየዱ ርክባትን ወጽኢታቶምን ከምኡ'ውን ደገፍ መሻርኽቲ ዝምልከት ጸብጻብ ክቐርብ እንከሎ፡ ዘይምርኻብ እኹል ስልጠናን ብቑዕ ማእከላትን፡ ራሕቂ ጨናፍርን ሕጽረት መጓዓዝያን ካብቶም ጸገማት ምንባሮም ተገሊጹ።

ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብቲ ዞባ ኣቶ ዐስማን ዓብደልቃደር ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ኣብ 2015 ብቑዕን ተወዳዳርን መንእሰይ ንምፍራይ፡ ማሕበር ብሓደሽ ኣወዳድባ ስራሕ ናይ ትምህርትን ስልጠናን መደብት ሰሪዑ ከምዝሎ ብምሕባር፡ ዝተኻየዱ ንጥፈታት ንምድንፋዕ ወሃድ ጻዕሪ ማሕበርን መሻርኽትን ከምዝድሊ ኣገንዚቡ።

ጸሓፊ ህግደፍ ኣብቲ ዞባ ኣቶ ኣደም ዓሊ ድማ፡ ሃማመተኤ ዝተኻየዱ ንጥፈት ድሕሪ ምምስጋን፡ ንቕሓት ኣባላት ብፍላይ ከኣ ናይ ካድራት ክዓቢ ሓያል ስራሕ ከምዝጽበዮም ሓቢሩ።

# ተመሃሮ ብክብርታት ሕብረተሰቦም ዝተማእዘኑ ክኾኑ፡ ተራ መሻርኽቲ ክዓዝዝ መዘኻኸሪ ቀሪቡ

ተመሃሮ ብክብርታት ሕብረተሰቦም ዝተመልመሉን ብሕግታት ቤት-ትምህርቲ ዝተማእዘኑን ንክኾኑ፡ ተራ መሻርኽቲ ብሓፈሻ ናይ ወለዲ ድማ ብፍላይ ክዓዝዝ፡ ብ2 ጥሪ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ጻዕዳ ክርስትያን ኣብ ዝተኻየደ ሰሚናር መዘኻኸሪ ቀሪቡ።

ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል መምህር በላይ ሃብተጋብር ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ መንግስቲ ዕድላት ትምህርቲ ኣብ ኩሉ ንኽበጽሕ ሓያል ጻዕሪ ይገብር ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ኣብ ዝካየድ ዘሎ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ስሉሳዊ ዝምድና መምህራን፡ ወለድን ተመሃሮን ክሕይል ጸዊዑ።

ኣመሓዳሪት ንኡስ ዞባ በረኽ ወይዘሮ ልኡል ኣስራት ድማ፡ ተራ ዝተማህረ መንእሰያት ኣብ ምልማዕን ምህናጽን ሃገር ልዑል ምዃኑ ብምሕባር፡ መጻኢኦም ብፍልጠት ኣማእዚኖም ምስ ዝጽዕሩ ዕውታት ከምዝኾኑ ኣረዲኣ።

ኣብ ፖሊስ ንኡስ ዞባ በረኽ ሓላፊ ምክልኻል ገበን ኣቶ የውሃንስ ታደሰ ብወገኑ፡ ተመሃሮ ብኩሉ መለክዒታት ኣፍልጦ ሕግሃልዮም ንትግበርኡ ምእዙዛት ክኾኑ፡ ወለዲ ድማ ኣብ ምሕብሓብን ምምእዛንን ጻዕሮም ክሕይሉ ኣዘኻኺሩ።

ሓላፊ ትምህርቲ ኣብቲ ንኡስ ዞባ መምህር ኣብርሃለይ ኣረፋይነ ድማ፡ ምዕሩይ ዝርግሐ ዘለዎ ዓይነታዊ ትምህርቲ ውሕስነት መጻኢ ካብ ዘረጋግጹ ረቛሒታት ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ተመሃሮ ወገንቲ ብሉጽ ባህርያትን ኣኽብርቲ ሕግታትን ኮይኖም ከምዝዀብዑ ንምግባር፡ ወሃደት መላእ ሕብረተሰብ ከሀሉ ተላቢዩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ወለዲ ደቆም ብደስፕሊን ንክኹስኮሱ፡ ተመሃሮ ድማ ውልቃዊ ዕቤቶም ብምምዕባል ኣበርክቶኦም ኣብ ዕቤት ሃገሮም ከዕብዩ ዝበሉን ካልኦትን ለበዋታት ኣቕሪቦም።

# ባቕላ፡ ኣገልግሎት ትምህርቲ ቈላሕታ ክግበረሉ ነበርቲ ተማሕጺኖም

ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ባቕላ - ንኡስ ዞባ ናቕፋ፣ ረብሓ ምጥርናፍ ተገዚቦም ኣብ ዝተዳለወሎም ማእከላይ ቦታ ተጠርኒፎም ከብቅዑ ግቡእ ኣገልግሎት ትምህርቲ ይረኽቡ ስለዘየለዉ፡ እቲ ጉዳይ ቈላሕታ ክግበረሉ ተማሕጺኖም።

ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ባቕላ ኣቶ ሳልሕ እድሪስ ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፣ ኣብ ዓደም ግቡእ ኣገልግሎት እትህብ ቤት-ትምህርቲ ስለዘይተሃንጸትሎም፡ ደቆም ካብ ትምህርቲ ከይተርፉ ገዚኦምን ጉልበቶምን ኣወሃሂዶም ግዝያዊ ኣብያተ-ትምህርቲ ብምስራሕ ክሳብ ራብዓይ ክፍሊ የምህሩ ከምዝለዉ ብምጥቃስ፣ ዘለዋ ኣብያተ-ትምህርቲ እኹል መማሃሪ ክፍልታት፣ መምህራንን ናውቲ ትምህርትን ስለዘይብለን፡ ብቐዓት ናይቲ ዝውሃብ ትምህርቲ ከምዘሕከፎም ሓቢሩ።

ኣቶ ሳልሕ ኣስዒቡ፣ ኣብ ባቕላ ተሰሪሓ ዘላ ናይ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ብዘይፈልጥዎ ምኽንያት ኣቋሪጹ ዘሎ መስርሕ ህንጸታ ተዛዚሙ፡ መምህራንን ናውቲ-ትምህርትን ተዓልዩላ ኣገልግሎት እትህበሉ ኩነታት ክፍጠር ኣተሓሳሲቡ።

መምህር መሓመድ-እድሪስ መሓመድ-ዓሊ ብወገኑ፣ ኣብቲ ከባቢ ምስ ዘሎ ራሕቂን ዘይምቹእነት መገድን፡ ወለዲ ደቆም ብቐረባ ብዘይድኻምን ክመሃሩ ምእንቲ መባእታ ቤት-ትምህርቲ ሃኒጾም የምህሩ'ኳ እንተለዉ፣ እኹላት መምህራን ስለዘይተመደቡ ግን ዝቕሰም ዘሎ ትምህርቲ ኣድማዕነቱ ከምቲ ዝድለ ከምዘይኮነ ብምሕባር፣ ነበርቲ ዘቕርብዎ ዘለዉ ጠለብ ክግለኣሎም ተላብዩ።

ካብ ነበርቲ ኣቶ ሓምድ ሳልሕ ድማ፣ ደቆም ኣብ ግቡእ ዕድሚኦም ናይ ትምህርቲ ዕድል ከይሓልፎም ካብኦም ዝድለ ከምዝዋደዱን ቀጻሪ ተመሃሮ ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናዓበየ ይመጽእ ምህላዉን ጠቒሱ፣ ጻዕሮም ብዘይ ሓገዝ ናይ ዝምልከቶ ኣካል ዕዉት ክኸውን ስለዘይክእል ግን፡ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ግቡእ ፍታሕ ክገብረሉ ተማሕጺኑ።

# “ሓረስቶት ውሕስነት መግቢ ንምርግጋጽ ኣበርቲዖም ክሰርሑ ይግባእ” ኣመሓዳሪ ን/ዞባ ሰረጀቃ





ሓረስቶት ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ፡ ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ዝወጠን ልምዓታዊ መደባት ብምዕዋት ውሕስነት መግቢ ንምርግጋጽ ብዙሓየለ ውዳቤ ኣበርቲዖም ክሰርሑ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሰረጀቃ ኣቶ ተስፉ ፍስሃጽዮን ምስ ኣመሓደርቲ ምምሕዳራት ከባቢን ወከልቲ ህዝብን ኣብ ዘካየዶ ርክብ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ'ቲ ርክብ ኣቶ ተስፉ፣ ኣብ 2014 ኣብ 26 ዓድታት'ቲ ንኡስ ዞባ ዕወት ናይ ምዝላይ ስራሓት ከምእተኻየደን ወጽኢቱ ኣብ ምህርቲ ከምእተራእየን፣ ናብ ዓድታት ዘእቱ ናይ ሓመድ መገድታት ከምእተሰርሐ፣ ኣብ 94 ሄክታር ልዕሊ 389 ሽሕ ፈልሰታት ከምእተተኽለ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ምርግጋጽ ውሕስነት ኣእካል፣ ጸቡ፣ እንቋቑሖን መዓርን ኣተኣቢ ስርሓት ከም እተሰላሰለ ኣብሪሁ።

ኣብ ሰለስተ ዓድታት ፕሮጀክት ቀረብ ጽሩይ ዝስተ ማይ ይዋደድ ከምዘሎ ዝሓበረ ኣቶ ተስፉ፣ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ዝርከብ 18 ዲጋታት ዝጠዝሓ ጸቡቕ ዓቕን ማይ ሐዚን ስለዝርከቡ፡ ሓረስቶት ኣብ ምልማዕ ኣትዮምሉ ብዘለዓለ ክዋስኡ ብምዝኽኻር፡ ተራ ኣመሓደርቲ ምምሕዳራት ከባቢ ክዓዝዝ ጸዊዑ።

ኣብ መወዳእታ ተሳተፍቲ፣ ሕቶ ጤሳ መሬት ቅልጡፍ ፍታሕ ክግበረሉ፣ ሕጽረት ኣገልግሎት መጓዓዝያ ቁላሕታ ክወሃቦ፡ ተጀሚሩ ዘሎ ህንጻት ኣዳራሽ ክቀላጠፍ፣ ምቁራጽ ተመሃሮ ካብ መኣዲ ትምህርቲ ልዑል ኣቓልቦ ክግበረሉ ዝብሉን ካልኦትን ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

# ማእከል ጥዕና ኣማላይት፡ ጥዕና ህዝቢ ኣብ ምሕላው ልዑል ኣስተዋጽኦ ትገብር

ማእከል ጥዕና ኣማላይት - ንኡስ ዞባ ከርከበት፡ ንህዝቢ ብሓፈሻ ንፍሱ ጾራት ድማ ብፍላይ ሕክምናዊ ረድኤት ብምሃብ ኣብ ምውሓስ ጥዕና ዝምስገን ኣገልግሎት ትገብር ከምዘላ፡ ደቂ-ኣንስትዮ'ቲ ንኡስ ዞባ ገሊጸን።

ምስ ራሕቅን ዘይጥጡሕ ጽርግያን፡ ነፍሰጾራት ኣብ እዋኑ ናብ ሓገዝ ዝረኽብሉ ትካል ጥዕና ንምብጻሕ ይሽገራን ግዳይ ዝተፈላለየ ጸገማትን ይኾና ከምዝነበራ ብምዝካር፣ ኣብ ማእከል ጥዕና ኣማላይት ብዝረኽብኦ ዘለዋ ረድኤት ግን ብሰንኪ ሕርሰን ጥንስን ዘጋጥም ዝነበረ ሞትን ካልእ ሳዕቤናትን ከምዝንቀልቀለ ኣብሪሀን።

“ናይ ሕክምና ሓገዝ እንተዘይንረክቡ፡ ግዳይ ጉዳኢ ልምድታት ምኾንና” ዝበላ እተን ደቂ-ኣንስትዮ፣ ጸገማት ህዝቢ ብብመድረኹ ንምፍታሕ ብመንግስቲ ንዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ ብምምስጋን፡ ንመጸበዪ ነፍሰ-ጾራትን ሕሙማትን ቲቢን ዝሽውን ኣብ ደረጃ ምዝዛም ዝበጽሐ ህንጻ ኣገልግሎት ዝጀመረሉ ግዜ ክቀላጠፍ ኣዘኻኺረን።

ሓላፊ ማእከል ጥዕና ኣማላይት ተሓጋጋዚ ነርስ ዓወድ ኣሕመድ-ኑር ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፣ እታ ማእከል ጥዕና ናይ ክታበት፣ ላቦራቶሪን ወለንታዊ መርመራን ኣገልግሎታት ከምእትህብ፡ ሕማም ዓሶ ንምቁጽጻር ድማ ብርክት ዝበለ ላምሲያ ከምዝዓደለት ብምሕባር፣ ሳላ ዝካየድ ጉስጓሳት ኣብቲ ከባቢ ዝርአ ዝነበረ ሕማም ዓሶን ወጽኢትን ኣብ ደረጃ ምቁጽጻር ከምዝበጽሐ ገሊጹ።

ማእከል ጥዕና ኣማላይት፡ ኣብ 2014 ንልዕሊ 11 ሽሕ ነበርቲ ዓድታት ፈለግ፣ ድርፋ፣ ዓሌት፣ ኣሱብራ፣ ዓድ-ደግለልን ዓድ-ሰይድናን ኣገልግሎት ከምዝሃበት ሰነዳት የመልክቱ።

## መዓልታዊት ጋዜጣ

**ኣሰናዳኢ**

ሳምሶን ሃይለ
ቍ.ስ 116266/201820(2220)

**ም/ኣሰናዳኢ**

ብንያም ፍስሃጽዮን
ቍ.ስ 201820(2217)
ፋክስ፡ 127749 - ቍ.ሳ.ጳ. 247

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ. 200454-07121322

**ምልክታ**

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጳ. 1284

**ለይ-ኣውት**

ኤደን ሃብተኣብ
ኑብያት ጸጋይ
ሳምራዊት መለስ
ምስጋና ተዓገስ

# ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ዓቕሚ ኣባላቱ ክብ ንምባል ዝሕግዝ ስልጠና ወዲቡ

ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ከም ኣካል ናይ'ቲ ሞያዊ ዓቕሚን ብቕዓትን ኣባላቱ ክብ ንምባል ከካይዶ ዝጸንሐ ንጥፈታት፡ ኣብ ምክትታልን ምቁጽጻርን ተመሓላለፍቲ ሕማማት ዘተኮረ ስልጠና ሂቡ።

ኣቡቲ ካብ ኩለን ትካላት ጥዕና'ቲ ዞባ ንዝተዋጽኡ ሰብ ሞያ ዝተዋህበ ስልጠና፡ ብለቡዳ መልክዕ ከኸስቱ ዝኽእሉ ሕማማት ኣለሊኻ ቅልጡፍ ስጉምቲ ኣብ ምውሳድን ኣድላዪ ሓበሬታ ኣብ ምርካብን ዘተኮረ'ዩ።

ሓላፊ'ቲ ጨንፈር ኣቶ ኣሰፋው ጉብረሚካኤል ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ እቲ ዞባ ብዙሓት መዳውብቲ ሃገራት ስለዘለውኦ ተርእዮ ለቡዳዊ ሕማማት ክህሉ ባህርያዊ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ሰልጠንቲ ንዝረኸብዎ ፍልጠት ብግብራዊ ስራሕ ብምድራዕ ኣብ ምውሓስ ጥዕና ሕብረተሰብምን ኣበርክቶኦም ክዕዘዙ ትጽቢት ከምዝግበረሎም ኣገንዚቡ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ዝቐሰምዎ ፍልጠት ኣብ ዘሰላስልዎ ስራሕ ኣገዳሲ ሓጋዚ ኮይኑ ከምዝረኸብዎ ብምሕባር፡ ንቕሓት ሕብረተሰብ ብምብራኽ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ኣብ ምልላይ፡ ምክልኻልን ምጥፋእን ካብኦም ዝሕተት ጻዕሪ ከካይዱ ድልዋት ምዃኖም ኣረጋጊጾም።




*ኣማኑኤል በርሀ*

# ትልሂት ከም ኣካል ቱሪዝም





<u>የውሃንስ ፍትዊ</u>

ኤርትራ፡ ንማስሕብ ቱርስት ዝኾውን ስፍሪ ኣልቦ ጺጋን ጸጋቓን ዘለዋ ሃገር'ያ። እዚ ጸጋቓታት'ዚ ድማ ወትሩ ተጠማዊት ይዝበራ። ጺጋን ጸጋቓን ግን ብዘየገድስ እንተዘይተዓቒቡ ደብርስን ይብረዝን'ዩ። ክትዕቅቦ እንተኺንካ ድማ መጀመርታ ከተጸንዖን ክትፈልጦን ኣሎካ። ሓደ ካብ'ዞም ስፍሪ ኣልቦ ጸጋቓታት እዚ ህዝቢ'ምባኣር ያታዊ ትልሂታቱ'ዩ። መንነትን ቅዲ መንብሮን ሓደ ህዝቢ፡ ካብ ትልሂቱ ጥራይ ክትርድኦ ትኽእል ኢኻ። እዚ ዓቢ ጺጋ ዝኾነ ያታዊ ትልሂታትና'ሞ ንፈልጦዶ?

ኣቦ'ቲ ሰፊሕ ኣምር ዝኾነ ባህሊ ኣቲኻ ብትልሂት ከተሞቅሶ ርእሱ ዝኸኣለ ዓቢ ኣርእስቲ'ዩ። ንትልሂት ወዲ ሰብ ንውሽጣዊ ስምዒታት ፍቕሩ፣ ጅግንነቱ፣ ሓዘኑን ሓጎሱን ብዘይ ቃላት ዝገልጸሉ ናይ ምንቅስቓስ ቋንቋ'ዩ። ካብ ልዑል ስምዒትን ወኒን ስለ ዝምንጩ ኸኣ ንሓቀኛ ስምዒት የንጸባርቕ። ባህሊ መግለጺ ህዝብን ሃገርን ካብ ተባህለ፣ ትልሂት ከኣ ሓደ ካብ ወሳንቲ ኣዕኑድ ባህሊ ካብ ኮነ፣ንትልሂታትና ክንግደሰሎምን ኣሙዩም ክንንብሮን ባህርያዊ'ዩ።

ቀዳሞት ሰባት ንትልሂት ከም መዛናግዒ ጥራይ ዘይኮነ፣ ከም ኣካል ዕለታዊ መነብርኦም ይጥቀምሉ ነሮም። ትልሂታቶም ድማ ንመንብርኦም ዝውክል፣ መንነቶም ዝገልጽ ኮይኑ ንረኽቦ።

ብጽሑፍ ዝተሰነደ መወከሲ ናይ ያታውያን ትልሂታትና ዘይከኣሉ ይኽእል'ዩ። እዚ ግን ከም ዓቢ ምኽንያት ተቐጺሩ ዝኸም ክበርታት እዚ ሕብረተሰብ ዝኾኑ ያታውያን ትልሂታትና ከም ድላይካ ናብ ዝጠዓመካ ኽትጠዋወዖምን ኽተጸግዖምን ምፍታን ንመንነትካ ምጥምዛዝ'ዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ካብ ባህሉን ልምዱን ዘይፍለ ህዝቢ ከም ምዃኑ መጠን፡ ንያታውያን ትልሂታቱ ብግቡእ ይፈልጦም'ዩ። ምስ ትልሂታቱ ተሓናፊጹም ኣብ ማእከሉ ዝኸዱ ትልሂታት ከለልዮም ድማ ግዜ ኣይወስደሉን።

ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት ደረስቲ ትልሂት ኣብ ክንዲ ነቲ ዕቑር ዘይተበርበረ ኤርትራዊ ትልሂት ምምዝማዝ፡ ንገለ ትልሂታት ከም ስመና ሓዊ ካብ ጎረቤት ንገለ ከኣ ከም ካብ ማዕዶ ብወንጭፍ ዝተደርበዩ ትልሂታት ምስ ትልሂታትና ብምትሕንፋጽ መባቐለም ኽትፈልጦም ዘጸግሙ ትልሂታት ይሰርሑ ኣለዉ።

ኤርትራዊ ያታዊ ትልሂት ኣብ ኣህጉራዊ ፈስቲቫላት ክቐርብ ዕድል ኣብ ዝረኸበሉ ኣጋጣሚ ተመስጦ ብዙሓት ከኢላታት ትልሂት ከም ዝረኸበ ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት ተገሊጹ'ዩ። ብኣንጻር'ዚ ገለ ሰባት ያታውያን ትልሂታትና ካብ 5 ክሳብ 6 ደቓይቕ ክትዕዘቦም ኣሰልኪዩቲ ስለ ዝኾኑ'የም ደረስቲ ትልሂታት ምስ ካልኦት ትልሂታት ዝሓናፍጽዎም ክብሉ ይሰምዑ'የም። እዚ ግን ምኽኒት'ምባር ምኽንያት ክኸውን ኣይክእልን።

ኣብ በዓላት ይኹኑ ኣብ ክሊፓት እንዕዘቦም ዘለና ትልሂታትና፣ መበቆላውነቶም እዚ'ዩ ክትብሎ ኣሸጋሪ'ዩ። ምናልባት ነድቕቲ እቲ ትልሂት ከጸብቑ ይኹኑ ኽልወጡ ብምሕሳብ ዝገብርዎ ዘለዉ ምድቓል፡ ካብ ዋና ናይ'ቲ ጺጋ ዝኾነ ሕብረተሰብ፣ ዘይምቕባል ይኹን ዘይምርዳእ ኪጋጥሞም ግድን'ዩ።

ሓያስቲ ቅድታት ትልሂት ከታኣታቱ ክንብል ንያታውያን ትልሂታትና ምስ ናይ ባዕዲ ትልሂታት ብሓይሊ ንቐርናም ክይንህሉ ስክፍታ ብዙሓት ግዱሳት'ዩ። ህዝቢ ኤርትራ ሓደ ካብቶም ብትልሂታት ሃብታም ዝኾነ ሕብረተሰብ እዛ ዓለም'ዩ። ዚ ሓሳብ ንምርጓድ ኣብ ብዘረ ናራ ጥራይ ልዕሊ 48 ዓይነታት ትልሂት፣ ኣብ ብዘረ ኩናማ ልዕሊ 20 ትልሂታት ከም ዘለዉ ምግላጽ ኣኻሊ'ዩ። ዚ ኣብ ክንዲ ብግቡእ ምጽናዕን ምጥቃምን ንያታውያን ትልሂታትና ናብ ዘመናውነት ከተሰጋግሮ ክትብል ናብ ዝቐጽል ወለዶ ከይተሰጋገሩ ኣብ ሐጻ ባዕዳውነት ተሰቲሮም ከይተርፉ ኣሰክፊ'ዩ።

ኣብ ሃገራዊ በዓላት ንደርፍታት ዘሰንዩ ትልሂታትን ኣብ ሃገራዊ ፈስቲቫል ብዙሓት ዝቐርቡ ትልሂታት ኽትዕዘብ ከለኻ እቲ ፍልልይ ማዕረ ክንደይ ምዃኑ ይብርሃልካ። ምናልባት ኣብ ፈስቲቫል ዝቐርቡ ትልሂታት ካብ ቦታኦም ምስ ዋናታቶም ስለ ዝመጹ ኸከውን ይኽእል'ዩ እቲ ምኽንያት፣ ልቢ ተዓዚብኦም ጠልጠል ክሳብ ዝብል ዝላህዩ።

ኣብ ወሓድ ኣጋጣሚታት ኣብ ሞንጎ ሰራጠበኛታትን እቲ ንሰም ዝቐመጥዎ ሕብረተሰብን ናይ ኣረዳድኣ ፍልልይ ኪጋጥም ባህርያዊ'ዩ። እዚ ተርእዮ ኣብ ሞንጎ ሕብረተሰብናን ደረስቲ ትልሂታትናን ተኸሲቱ ከይከውን ዘሰግኡ ወገናት'ውን ኣይተሳእኑን።

ምስ ብዙሕነት ትልሂታትና ብምትእስሳር፡ እዚ ሎሚ ኣብ ዓውድታትና ዘኹድድ ዘሎ ትልሂታት ኣይከኣንዶ ነቲ ብደቂቕ ዝዕዘቦ፣ ነቲ ተራ ኣስተማቓሪ እቲ ዓውዲ'ውን እቲ ጉድለታት ጉሉሕ እናኾነ ዝመጽእ ዘሎ።

ብሄራትና ዝውንንኦ ሕብረ ትልሂታት ብቑጽሪ ውሑድ ዘይምዃኑ ኩሉ ኣብቲ ዓውዲ ዘሎጥፍ ዝምስክሮ ሓቂ'ዩ። እንተኾነ እቶም ኣብ ባይታ እንርእዮም ዘለና ትልሂታት ግና ውሑዳትን ዘተሓናፈጹን'የም።

ገለ ደረስቲ ይኹኑ ቓየስቲ ትልሂታትና ንጸባቐ ወሸጢ ሕብረተሰብና ኣብ ክንዲ ብዕምቈት ምጥማት፡ ኣዒንቶም ናብ ማዕዶን ጎደቦን ብምውርዋር ሓፍጊርም ዘምጽእዎም ዘለዉ ትልሂታት፣ ንያታውያን ትልሂታትና ክንዲ ዝማዕርጉ ከወዝሉ ይርአዩ ኣለዉ።

እቲ ዝሓሸ ብዙሕ ዘይተበከለ ትልሂታት እንርእየሉ ግዜ ኣብ እዋን ሃገራዊ ፈስቲቫል'ዩ። ኣብዚ'ውን እንተኾነ በቲ ክመጽዎ ዝግባእ ኣገባብ ይመጹ የለዉን። ናይዚ ምኽንያት ምናልባት ነቲ ሃገራዊ ስልማት ንምርኻብ ዝገበር ዘሎ ምውድዳር ከይከውን'ቲ ጠንቂ ስክፍታ ብዙሓት'ዩ። ምናልባት እዚ እንተኾይኑ እቲ ጠንቂ፣ እቶም እዚ ስልማት ዝዕድሉ ኣካላት እዚ ብግቡእ ተገንዚቦም ኣብ ኣተሓሕዛ ነጥብታቶም ዳግመ-ግምት ክገብሩ ድሌት ኩሉ ግዱስ ያታዊ ትልሂታትና'ዩ።

ክሳብ ሎሚ ኣብቲ ሃብታም ዝኾነ ያታዊ ትልሂታትና ዝተገበረ ኣዕጋቢ መጽናዕቲ ኣብ ርእሲ ዘይምህላው፣ ኣብቲ ተጸኒዑ ዝበሃል ዘሎ ቁንጣሮ ትልሂታት'ውን እንተኾነ ምሉእነት ከምዝይብሉ'የም ፈላጣት እቲ ዓውዲ ዝዛረቡ። ዚ ኣብ ኩለን ብሄራትና ዘሎ ሃጓፍ ንምምላእ ብቐንዱ፥ ነቶም ኣቦ'ቲ ሞያ ዝሎጥፉ ዘለዉ ሞያውያን ብቐዳምነት ዝምልከት'ኳ እንተኾነ፣ ሕብረተሰብ'ውን ብግዱስነ እጃሙ ከበርክት ግዴታ ኣለዎ።

ህዝቢ ኤርትራ ሓደ ካብቶም ብለጽ ባህሊ ዝውንኑ ኣህዛብ እዛ ዓለም'ዩ። ነቲ ኣብ ሞንጎ ሓድሕዱ ዝነበሮ ሓልዮትን ምክባብርን ክትግንዘብ ነዊሕ ግዜ ኣየድልየካን'ዩ። እዚ ሎሚ ብዘመናዊ ኣበሃህላ ማሰል ኣእምሮኣዊ ዋንነት ተባሂሉ ዝፍለጥ ኣምር ዚ ህዝቢ ሓድሽ ኣምር ኣይኮነን። ህዝብታት ናራን ኩናማን ኣብ መንጎ ሃንሕድሕዶም ዝሊቓቕሕዎ ትልሂታት ግቡእ ስም ብምሃብ ማሰል ዋንነት እቲ ዓይነት ይሕልዉ።

ኣብ መኽፈቲ ይኹን መዕጸዊ ሃገራዊ በዓላትና ዝጽወቱ ትልሂታት፡ ካብ ኣሰብ ዕሳኦም ጀሚርካ ክሳብ ብዘሊ ቑጽሪ እቶም ተሳሃይቲ ግርም ከምዝኾኑ እቶም ነቲ ባህሊ ልምዲ ያታን ዛንታን እቲ ሕብረተሰብ ብቐረባ ዝፈልጥዎ ዝምስክርዎ'ዩ። እሞኸ ደኣ ስለ ጥበበኛታትና፡ እዚ ሃብታምን ካብ ቀንዲ ማስሕብ ቱሪዝምን ምዃኑ ዘየወላውል ያታዊ ትልሂታትና፡ ኣጸንዕኩም እንተተቐርቡልና፡ ኣብ ምስጥጋሩ ዓቢ እጃም ምሃለወኩም።



ጥዑምዝጊ ተስፋይ

# ቈልዓ መብጽዓ - ኣይሂ ዓረር ኣብ ዝባና



## ራብዓይ ክፋል

ሰምበላዊት፡ ድሕሪ ሽዱሽተ ወርሒ ናብ ኣሃዱኣ ኣብ ዝተመልሰትሉ እዋን፡ ሓሙሻይ ወራር ኣብቂዑ'ዩ ጸኒሑዋ። ድሕሪ'ቲ ወራር ከኣ ህዝባዊ ግንባር፡ ኣብ'ቲ ወራር ዝረገጠም በሰላታት ኣብ ምሕዋይን ንዘቕጽል ወራር ኣብ ምድላው'ን'ዩ ተጸሚዱ። ሰምበላዊት፡ በቲ ኣብ ጸጸባሕ ውግእን ሃለኽለኽን ዘይፍለዮ ናብራ ገድሊ እናተሳሕለት፡ ካብ ብጾታ እናተማሃረትን እናተመኮረትን ጉዕዞ ገድሊ ቀጸለት። ብተደጋጋሚ መውጋእቲ "ድኺመ ይኣኽለኒ" ከይበለት ኣብ ሓይልታት ተመሊሳ ከም ወትሩ ኣብ ሃለኽለኽን ውግእን ኣተወት። ገድሊ ማለት ማሰዋእትን መውጋእትን ምኳኑ ካብ'ቲ ብተደጋጋሚ ዝተዓዘበቶ ክስተት ተገንዚባ'ያ። ብጾታ ኣብ ቅድመኣ እንኽወድቁ ነቲ ንስለ ናጽነት ዝኸፈል ዋጋ፡ ጓሂኣ ውሒጣን ከም ተጋዳሊት ጸኒዓን ገድሊ ምቕጻል ስመደቶ።

ኣንፈት ሻድሻይ ኣብ ዝተራእየሉ እዋን ሰምበላዊት ዝበረታ ቦጦሎኒ 3 ናይ ብርጌድ 23 ናብ መፍገር ገለል ተንቀሳቐሰት። ሰራዊት ደርግ ንሻድሻይ ወራር ይዳሎ ስለ ዝነበረ ኣቐዲሙ ትሕዝቶኡ ምእንቲ ከስፍሕ፡ ኣብ ከባቢ መፍገር ገለል ብዘይተኸሰ ገለ ገለ ቦታታት ተቖጻጺሩ ስለ ዝነበረ፡ እታ ኣሃዱ ኣብ ዳዕራተትን ከባቢኡን ንዝነበረ ሓይሊ ጸራሪጋ ነቲ ቦታታት ተቖጻጺራቶ። ኣብ'ቲ ውግእ ከኣ ብናይ ሓደ ሰብ ማሰዋእቲ ሽቶኣ ዛዚመት። ሰምበላዊት ዘይነም ኣብ ዝሓለፈ ዝተሳተፈቶም ውግኣት፡ ከይተወግኣት'ያ ወጺኣ። እታ ኣሃዱ ናይ መፍገር ገለልን ከባቢኡን ተልእኾኣ ምስ ዛዘመት ንኻልእ ተልእኾ ኣብ ናቕፋ ተራእየ። ሰራዊት ኢትዮጵያ ሻድሻይ ወራር ቅድሚ ምጅማሩ ብፖራሹት ወታሃደራት ከወርድ ከም ዝኸኣለ ስለ ዝተጠርጠረ፡ ኣብ ከባቢ ናቕፋ - ኣንደብ ኣብ ዝተባህለ ቦታ ዓረደት።

ነገር ተፈጥሮ ኰይኑ፡ እታ ተጋዳሊት በቲ ኣብ መንጎ ተጋደልቲ ዝነበር ዝነበረ ዝምድና ተጸሊያ ኣመት ዝምድና ክቀላቐላ ጀመረ። ኣብ'ቲ ጅግንነትን ትብዓትን፡ እምነትን ጽንዓትን ኣብ ዕላማ፡ ወናም ተዋጋኢ ምኳን. . . ከም ቀንዲ ጸባቐ ናይ ተጋዳላይ ዝርኣየሉ ገድሊ፡ ብፍላይ በዞም ናይ ገድሊ መማዘኒታት ጸባቐ፡ ብሓፈሻ ደማ ብኩለንትናኡ ባህ ዝበሎ ሰብ ብዘቖረባ ከም ዝሓለፈ እዋናት ክትዝክሮ ኣይወሰነትን። ክልቲኦም ተጋደልቲ በዘየገዝኡ ዝያዳ እናተቐራረቡን እናተረዳድኡን መጹ። ሰምበላዊት ደማ እናሓደረት ኣፍቀረቶን መዛምድታ ክኾውን ተመጸዋን። ብሕግን ስርዓትን ገድሊ ከኣ ኣብ 1981 ዓ.ም. ወግዓዊ ዝምድና ገበረት።

ንፈለማ እዋን ምስ ኣመና እተፍቅሮ ተጋዳላይ ዝምድና ድሕሪ ምግባራ፡ መሰሳ ገድልን ሃለኽለኽን ኰይኑዋ። ናይ'ቶም ክልተ ናይ ገድሊ ብጾት ዓሚቕ ፍቕሪ ንብጾቶም "ኣቤት ፍቕሪ" ክሰብ ዘበሎም ኰነ፡ ከም ኩሎም ከም'ኦም ዝኣመሰሉ ተዛመድቲ፡ ኣብ ውሽጢ'ቲ ናይ ምፍልላይን ማሰዋእትን ስግኣት ዘይፍለዮ ገድሊ፡ ልባዊ ፍቕሪ ዘለዎ ዝምድና ኣስተማቐረት። ድሕሪ ምዝማድ ክሰዕብ ዘኽእል፡ ጥንሰን ሕርስን ካብ ጉዕዞ ገድሊ ከሊፉ፡ ኻብ'ቶም ከም ስድራ ቤታ እትርእዮም ብጾታን ከም ቤታ እትርእዮም ዕርድታትን ንኸፍርሕቓ ግን ንወላድ ድልውቲ ኣይነበረትን።

ኣብ'ቲ ከርፋሕ ናብራ፡ ኣብ ሂወታ መቐረት ዝወሰኸላ ልባዊ ፍቕሪ ግን ኣብ ውሽጢ ሓጺር እዋን ሰኣኖቶ። ናይ ልቢ ኣፍቃሪኣ ምስ ተሰውአ ሓዘና ምጽዋር ሰኣነቶ። ጹሓይን ወርሕን ንሓዋሩ ከም ዝጠፍኣ ምድሪ ሰማይ ጸልመታ። ክሳብ ተሰፋ እትቖርጽ ብጓሂን ሓሳባትን ተበልዐት። እቶም ዕምቆት ፍቕሪ ናይ ክልቲኦም መዛምድቲ ዝፈልጡ ተጋደልቲ ክሳብ ክንደይ ብመንፈስ ከም ዝተሃሰየት ተሰቂሩዎም ከይተሓለሉ ኣጸናንዕዋ። ቀስ ብቕስ ደማ እናተረጋገኣትን ናብ ንቡር እናተመልሰትን ከይዳ።

ሓሙሻይ ወራር ከም'ቶም ካልኦት ወራራት ምስ ፈሸለ፡ ስርዓት ደርግ ብወግዒ ንሻድሻይ ወራር ዓቢ ምድላው ኣብ ምግባር'ዩ ኣትዩ። እወጅ ኩናት ሻድሻይ ወራር፡ ኣብ ምሉእ ዓለም ኣጋውሐ። በቲ ርእሰ ምትእምማን ናይ ሰራዊት ደርግ ዝነበሮ ዝማስል ናይ ሓይለ ቃል ፈኸራን ኽስጉስጉ ብሓያሎ ወገናት ናይ ዓለም፡ ህዝባዊ ግንባር ንሓዋሩ ዝደምሰሱን ካብ ምድሪ ኤርትራ ዝጽረገሉን ከም ዝኸውን ርጉጽ ገይሩ ተወሲዱ ነይሩ። ስርዓት ደርጊ፡ ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ ዝሰመዮ ስርሒት ቅድሚ ምጅማሩ፡ ከም ዝተዓወተ ንምምሳል ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ጽምብላት ገይሩ። ሞራልን ርእሰ ምትእምማን ሰራዊቱ ንምንልባት፡ ንሓያሎ ሓለፍትን ኣባላት ሰራዊትን ናይ ጅግንነት ሽልማት ሰጢፉሎም። ንሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ብኣልማማ ዘጥፍእ ቀመማዊ ጋዘ ክድርቢ ምኳኑ ወረ ተጋዊሑ። ይኣኽለኒ'ዩ ዝበሎ ኣጽዋር ካብ ለገስቲ ኣማዚዙ፡ ይኣኽለኒ'ዩ ዝበሎ ብዝሒ ሰራዊት መልሚሉን ዓሊሙን ንኣሃዱታቱ ብዓቕሚ ሰብ ዕልቕልቕ ኣቢሉወን።

ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ኣሜን ኢሎም ብሰላም ኢዶም እንተ ዘይሂቦም፡ ኣብ በረኻታት ሳሕል ክጠፍኡ ምኳኖም ዝዋገር መፈራርሒ፡ ለይትን ቀትርን ኣብ ማዕከናት ዜና ዓለም ይኹን ካብ ዕርድታት ብዘይፍና መጉልሒ ድምጺ ኣቃልሐ። እቲ ስነ ኣእምሮኣዊ ኩናት ንብዙሓት ወገናት ኣጠራጢሩ ንገለ ድማ ኣእሚኑ። ህዝባዊ ግንባር ከኣ ነቲ ወራር ንምምካት ኣብ ምድላው ነበረ። ብቑጠዓምነት ስነ ኣእምሮ ተጋደልቲ፡ ልዕሊ'ቲ ሰፊሕ ስነኣእምሮኣዊ ውግእ ስርዓት ደርግ ምእንቲ ክየብ፡ ናይ ዓወት መንፈስ ኣብ ዘስርጽ ዘቋርጽ ኽስጉስ ኣድሃበ። ኣብ ወታሃደራዊ መዳይ እውን በዚኣዋኑ ምትዕርራያት ብምግባር ዝዓቕሙ ተዳለወ።

እዚ ሓያሎ ወገናት ዝረኸበ ናይ ሻድሻይ ወራር ፈኸራን ኽስጉስን ይትረፍዶ ነታ ሰለስተ ዓመት'ኳ ዘይመልኣት ተጋዳሊት፡ ነቶም ንዓመታት ብገድሊን ኣጻድፍን ዝሓለፉ ተጋደልቲ እኳ ከፈታተኖም ዘይተኻእለ ኣይነበረን። እንተኾነ ግን ነበሲ ወከፍ ተጋዳላይ፡ ንዝኾነ ይኹን ዓይነት ኩናት ብዓወት ከም ዝዛዘሞ ርእሰ ምትእምማን ኣጥርዩ ብምንባሩ፡ ድሮ ነቲ ስነ ኣእምሮኣዊ ኩናት ሰዒሩዎ ነበረ። ሰምበላዊት እውን ኣብ ሓጺር ናይ ገድሊ ዕድመኣ፡ ገድሊ ሃሊጹዋን ናይ ዓወት መንፈስ ሰሪጹዋን ብምንባራ፡ ሻድሻይ ወራር ወዲኡ ሓዲሩ ከም ዝፈሸል ምሉእ እምነት ነይሩዋ። ስርዓት ኢትዮጵያ ቅድሚ እቲ ኣካላዊ ኩናት መንፈስ ተጋዳላይ ንኽቕትል ሓቅን ዘይሓቅን ሓዋዊሱ ደሚሩ ይፍክር ኣብ ዝነበረሉ እዋን ከኣ፡ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ብዘለዎ ሰራዊትን ዕጥቅን ተዋጊኡ ከም ዝምክት ብርእሰ ምትእምማን ይገልጽ ነበረ።

ናይ ወግሑጸብሐ ዕላልን ኣርእስትን ብዛዕባ ሻድሻይ ወራር ኣብ ዝኾነሉ እዋን፡ ካልእ ዘየቋርጽ ስግኣት ኣብ ደጀናት ህዝባዊ ግንባር ነበረ። ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣንጻር ህዝባዊ ግንባር ተጻብኦ ስጉምትታት ክትወስድ ጀመረት። እቲ ኣብ ፊት ናይ'ቲ ከበድ ምኳኑ ዝተኣወጀሉ ወራር ደው ኢሉ ዝነበረ ሓይሊ፡ ብኻልእ ኣንፈት ዘቖቕሰን ስግኣት ምስ ተፈጥረ ዝርካቡ ሓይሉ ናብ ክልቲኡ ወገን ተኸፋፈለ። ሰምበላዊት፡ ብያብኡ ኣብ መንጎ ክልቲኣን ውድባት ከም'ኡ'ውን ኣብ'ቲ ሰራዊት ኢትዮጵያ ብዓቕሚ ሰብን ኣጽዋርን ደልዲሉ ንሰውራ ኤርትራ ከጥፍእ ዝቖለለሉ እዋን፡ ከም'ኡ ዝበለ ክስተት ብምፍጣሩ ኣመና ጉሃየት። መሪሕነት ተጋድሎ ሓርነት፡ ብዛዕባ ብምሉእ ዓቕሚ ንጸላኢ'ኳ ምክልኻል ኣብ ክንዲ ዝሓስቡ ንኩናት ሓድሕድ ኣብ ምትኹታኹ ምውፋርም ኣመና የሕስብ ነበረ። ብሰላም ተፈቲሖ ክትርኢ ደማ ናይ ወትሩ ትምኒታ'ዩ ነይሩ። ኰይኑ ግን ከም ዊንታኣ ኣይኰነን። ናይ ዘበን ቁስሊ እናሓኸኽካ ንቕድሚት ወስ ምባል ከም ዘይከኣል ብኣጋ ዝተገንዘበ ውድብ ህዝባዊ ግንባር፡ ቅድም ቀዳድም ናይ ዝኾነ ቁስሊ ክኣሊ'ዩ ተበጊሱ። ሻድሻይ ወራር ከምክት እንተድኣ ኰይኑ፡ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ካብ ደጀናት ናይ'ቲ ናይ ናጽነት ሓይሊ ክትእለ ነይሩዋ። ቅድሚ ሻድሻይ ወራር ምጅማሩ ከኣ ገለ ሓይልታት ህዝባዊ ግንባር ኣንፈተን ናብ'ቲ ተኹታኹ ሓይሊ ገበራ። ከም ኩሉ ተጋዳላይ ሰምበላዊት እውን ምስ ኣሃዱኣ ኣብ'ቲ ዘይትደልዮ ግን ከኣ ግድነት ዝነበረ ኩናት ሕድሕድ ክትኣቱ ተገደደት። ኣብ 1981፡ ኣሃዱ ሰምበላዊት፡ ኣብ ኣዶብሓ፡ ዛራ፡ ከርከበት፡ ዓዳይት፡ ሃወሻይት፡ ሳዋ፡ ሽንግርበት ፈደዳበን ክሳብ ግርማይካ ኣብ ዘለዉ ካልኦት ሓያሎ ቦታታትን ተዋጊኣት። እቲ ናይ ዘበን ሰግኣት ምሉእ ብምሉእ ምስ ተኣለየ ከኣ ህዝባዊ ግንባር ምሉእ ሓይሉ ናብ ሻድሻይ ወራር ኣቕንዐ።

ይቕጽል



ኤርትራዊት ጓለንስተይቲ፡ ፍርቂ ሓይሊ ሰውራ ኤርትራ

## ጥዕና

ዶ/ር ኪዳን ተኽለይ

# ዘይምቁጽጻር ሸንቲ ለይቲ



ኣብ ኣካላትና ዝተማስርሑ ዝተፈላለዩ ውጽኢት ኣካላት ንግዳም ይወጹ። ካርቦንዳይኦክሳይድ ብስርዓተ ምስትንፋስ፡ ዝተፈላለዩ ቀመማት ዝሓዘ ቀልቀል ብስርዓተ ምሕቃቕ መግቢ፡ ንኣካላት ዝጎድኡ ዝሓዘለ ሸንቲ ማይ ብስርዓተ ሸንቲ ኣቢሉ ንግዳም ይወጽኡ። ስርዓተ ሸንቲ - ሸንቲ ማይ ኣብ ምድላውን ምዕቃብን ኣብ መውጻኢታ ድማ ሸንቲ ማይ ንግዳም ከምዝጽረግ ይገብር። ክልተ ኩላሊት፡ ካብ ኩሊት ዝበገሱ ውሽጣዊ ሻምብቆ ሸንቲ፡ ናብ ፍሕኛ ሸንቲ ይጽንበሩ፡ ካብ ፍሕኛ ንግዳም ዝመርሕ ደጋዊ ሻምብቆ ሸንቲ መሸንቶ) ንስርዓተ ሸንቲ የጠቓልሉ።

ዘይምቁጽጻር ሸንቲ ማይ ክበሃል ከሎ፡ ፍሕኛ ሸንቲ ንዘወጽእ ሸንቲ ማይ ብዋዕቱ ምስ ዘይትቆጻጸሮ ማለት'ዩ። ሸንቲ ማይ ድማ ኣብ ብዘንደቦ ብዘይ ኣፍልጦ ወይ ድሌት ይወጽእ። ዘይምቁጽጻር ሸንቲ ኣብ ህጻናት ብዙሕ ዝኸሰት ተርእዮ እዩ። ዘይምቁጽጻር ሸንቲ ካብ ፈለማ፡ ወይ ድማ ዳግማይ ክኸውን ይኽእል። ዳግማይ ክበሃል ከሎ ህጻን ሓደ እዋን ሸንቲ ንኣስታት 6 ኣዋርሕ ተቖጻጺሩ፡ ደሓር ግን እንደገና ምቁጽጻር ክኣብዮ ከሎ የመልክት። ገለ ህጻናት ዋላ ብመዓልቲ ምቁጽጻር ክኣብዮም ከሎ፡ ገለ ድማ ኣብ ግዜ ለይቲ/ወይ ድቃስ ሸንቲ ማይ ምቁጽጻር ይኣብዮም።

ዝበዝሕ እዋን ጠንቂ ዘይምቁጽጻር ሸንቲ ፍሉጥ ኣይኮነን። እዚ ጸገም'ዚ ንብዙሓት ህጻናት ዝጸሉ'ኳ እንተኾነ፡ ምስ ግዜ ባዕሉ ዝሓሊ'ዩ። እዚ ዘይምቁጽጻር ሸንቲ ለይቲ ካልእ ዝኾነ ምልክት ሕማም ምስ ዘይህልዎ'ዩ። ዝበዝሑ ህጻናት ኣብ 3ይ ዓመት ዕድሚኦም ሸንቲ ማይ ይቆጻጸሩ። ድሕሪ'ዚ ዕድመ ዘይምቁጽጻር ሸንቲ ሕፍረትን ጭንቀትን ይፈጥር። ምሉእ ብምሉእ ሸንቲ ምቁጽጻር ዕድመ ካብ ህጻን ናብ ህጻን ይፈላለ'ዩ። ኣብ ገለ ገለ ህጻናት ምቁጽጻር ሸንቲ ማይ ብመዓልቲ ክሳብ 5-6 ዓመታት'ውን ደርኢ'ዩ። ብዋዜ ለይቲ'ውን ክሳብ 7ይ ዓመት ይኸስት።

ኣብ 5ይ ዓመት ልዕሊ 90 ካብ ሚእቲ ህጻናት ሸንቲ ኣብ ግዜ መዓልቲ ይቆጻጸሩ። ዘይምቁጽጻር ሸንቲ ኣብ እዋን ለይቲ ብዝያዳ ደርኢ። ኣብ ዕድመ 4 ዓመት ዳርጋ 30 ካብ ሚእቲ ህጻናት ኣብ ግዜ ለይቲ ሸንቲ ይስዕሮም። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት እዚ ብዘሓ እናጎደለ ይመጽእ። ግን ዋላ ክሳብ ጸቡቕ ዝዋብዙ ለይቲ ሸንቲ ዘይቆጻጸሩ ህጻናት ብዙሕ እዋን ደርከቡ'የም።

እቲ ልክዕ ጠንቂ ዘይምቁጽጻር ሸንቲ ኣብ እዋን ለይቲ ኣይፍለጥን'ዩ። ኣብ ውሑዳት ግን ጸገም ናይ ስርዓተ ሸንቲ ከም ጠንቂ ክኸውን ደርኢ'ዩ። ዝበዝሑ ግን ሕዋስዋስ ናይዞም ዝስዕቡ ረቛሒታት'የም።

ዘይምቁጽጻር ሸንቲ ካብ ዕድመ 5-10 ዓመት፡ ካብ ምንኣስ ፍሕኛ ሸንቲ፡ ነዊሕ ናይ ድቃስ ግዜ፡ ከምኡ'ውን ንሸንቲ ማይ ዝሕብር ሓበሬታ ብጽቡቕ ምስ ዘይምዕባል የጋጥም። ሸንቲ ማይ ኣብ ፍሕኛ ምስተኣከበ፡ ንምውጽኡ ካብ ፍሕኛ ናብ ሓንጎል፡ ካብ ሓንጎል ድማ ናብ ኣፍደገ ፍሕኛ ዝርከቡ ጭዋዳታት ይኸይድ፡ እዚ ወህደት ደማ ንወለንታዊ ምውጻእ/ምድፋእ ሸንቲ የኽእል። ብብዝሒ ሸንቲ ኣብ እዋን ለይቲ ምስ ዝምስራሕ ፍሕኛ ሸንቲ ትመልእ። ህጻን ንምምላእ ሸንቲ ምስ ዘይስምዖ፡ ክሸይን ምስ ዘይትንስእን ኣብ ዓራቱ ክሸይን ይግደድ። ዘይምቁጽጻር ሸንቲ ኣብ ለይቲ ሓደ ካብ ምልክታት ማዕበስቲ ኣብ ግዜ ድቃስ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ካልእ ምልክታት ማዕበስቲ ኣብ ድቃስ፡ ከም ምሕርናኽ፡ ተደጋጋሚ ረኽሲታት እዝኒ፡ ሓፍንቲ፡ ሳይነሰ፡ ኣብ ግዜ መዓልቲ ንቑሕ ዘይምኳን ክኾኑ ይኽእሉ። ሕርቃን/ቁጥዐ ናብ ዘይምቁጽጻር ሸንቲ ከምርሑ ዝኽእል ረቛሒ'ዩ። ህጻናት ብዝተፈላለዩ ምኽንያታ ኩሓርቁ ይኽእሉ። ኣካላዊ ወይ ጾታዊ ዓመጽ፡ ዘይነብረ ማሕበራዊ ኩነታት ከም ኣብ ምጅማር ትምህርቲ፡ ምውላድ ሓድሽ ቆልዓ፡ ሞት፡ ወይ ፍትሕ። ዘይምቁጽጻር ሸንቲ ተወርሳኣዊ ዝኾኑ ኣጋጣሚታት'ውን ኣለዉ። ሓደ ካብ ወላዲ ኣብ ግዜ ህጻንነቱ ዘይምቁጽጻር ሸንቲ እንተነይርዎ፡ ህጻን ዘይምቁጽጻር ሸንቲ ኣብ ለይቲ ከማዕብል ተኽእሎ ኣለዎ። ክልቲኦም ወለዱ ተመሳሳሊ ታሪኽ ምስዝህልዎም፡ ተኽእሎ ዘይምቁጽጻር ይዓቢ።

ንምቁራጽ ዘይምቁጽጻር ሸንቲ ለይቲ ዝሕግዙ ምኽርታት፡-

እቲ ብቐዳማይ ዝስራዕ ምኽርን መረዳእታን ምሃብ'ዩ። እዚ ጸገም'ዚ ኣብ ብዙሕ ዝርአ ምኽኑ ክፍለጥ ይግባእ። እዚ ድማ ምስ ግዜ ባዕሉ ክሃድፍ ዝኽእል ምኽኑ ክፍለጥ ኣለዎ። ንግሆ ንግሆ ዓራት ብሸንቲ ክጥልቀ ንወላዲ ይኸውን ንህጻን ዘምጽኦ ዝስዓሞ ስክፍታ፡ ሕርቃን ከምኡ'ውን ስነኣእምሮኣዊ ሃሰያ ብቐሊል ዝግመት ኣይኮነን። ምኽንያቱ ዘምጽኦ ተወሳኺ ስራሕ፡ ዋላ'ውን ጨና ናይቲ ዓራት ወይ ገዛ ጸቡቕ ኣይከውንን። ዘይምቁጽጻር ሸንቲ ለይቲ ጌጋ ናይ ወለዲ ወይ ቆልዓ ከምዘይኮነ ክግንዘብ ይግባእ። ስለዚ እዚ ጸገም ህጻናት ክቕጽዑ ኣይግባእን። ምቕጻዕን ምግናሕን ንሕርቃን ወይ ጭንቀት ይዕድም። እዚ ድማ እዚ ሽግር ዘብኢስ እምበር ዘጉድል ፍታሕ ኣይኮነን። ስለዚ ህጻንን ወላድን ብዋዕናን ብምእማንን ብምርድዳእን ክፈትሕዎ ምስ ዝፍትኑ፡ ዝለዓለ ውጽኢት ክርከቦ ይከኣል። ህጻን ኣብ ግዜ መዓልቲ ብስሩዕ ክሸይን ከምዝለዎ፡ ቀቅድሚ ናብ ድቃስ ምኻዱ ከኣ ሸይኑ ክድቅስ ከምዝለዎ ክግበር ኣለዎ። እዚ መዓልታዊ ክኸውን ይግባእ። ካብ 4-7 ግዜ ኣብ መዓልቲ ክሸይን ክፍትን ኣለዎ። ኣማእዩ ክድቅስ ከሎ ሸይኑ ምስ ዝድቅስ ሓጋዚ'ዩ። ፈሳሲ ካብ ኣጋምሸት ኣትሒዙ ክወስድ የብሉን። ዝበዝሐ መዓልታዊ ዝወስዶ ፈሳሲ ኣብ ናይ ንግሆን ድሕሪ ቀትሪ ብኣግኡን ክኸዉን ኣለዎ። ህጻን ኣብ ሞንጎ ድቃስ ተንሲኡ ኽሸይን ከምዝለዎ ክግበር ክኽእል ይግባእ። እዚ ድማ ኣላይ ከተንስኦ ወይ ዉን ኣላርም ናይ ሰዓት ወይ ሞባይል ብምጥቃም ብዘቓልለ ክትግበር ይከኣል።

# ረብሓታት ጸባ-ጡብ ኣደ

ጸባ-ጡብ ኣደ ንሓደ ህጻን ንብኡር ኣካላዊ ዕብየት ከምኡ'ውን ንብኡር ኣእምሮኣዊ ምዕባለ ንክህልዎ ይሕግዝ። ናይ ነብሰ ምክልኻል ዓቕሚ ኣማዕቢሉ ካብ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ረኽሲ ይከላኸል። ንስርዓተ ምሕቃቕ መግቢ ናይ ዕሸል ቀልጢፉ የበራብርን የማዕብልን። ካብ ረኽሲ መዓናጡ'ውን ይከላኸል። ድሉውን ዋጋ ዘይክፈሎን ብምኻኑ ካብ ፋይናንስያዊ ወጻኢታት የድሕን። ዋላ'ኳ ምሉእ ብምሉእ ኣይኹን፡ ካብ ጥንሲ ይከላኸል። ካብ ዘይተደልየ ጥንሲ የድሕን። ኣብ ግዜ ምጥባው፡ እታ ኣደ ኦክሲቶሲን ዝበሃል ቀመም/ሆርሞን ብብዝሒ ተፍሪ እሞ፡ ድሕሪ ሕርሲ መድመይቲ ብቕልጡፍ ደው ኪብልን ማህጸን ናብ ንቡር መልክዑ ክምለስን የኽእላ። ነታ ኣደ'ውን ካብ ተኽእሎታት ናይ ጡብ መንሸሮ ኣብ ምጉዳል ይሕግዞ'ዩ። ህጻን ፈቃር ኮይኑ ንኽዓቢ ኣዝዩ ሓጋዚ'ዩ። ስለዚ ጸባ-ጡብ ኣደ ብዙሕ ረብሓታት ኣለዎ። ጸባ ጡብ ንህጻን ክሳብ ዕድመ 6 ኣዋርሕ ብዘይ ተወሳኺ መግቢ እኹል'ዩ።



# ምልክታ

ዳሃብ ዳዊት - ቤተልሄም ታደሰ


## ዘይሰምዐ እንተ’ሎ!!

## መጽሓፍ ጽባሕ!

ብኤርምያስ ሰሎሞን




እታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ወትሩ ዓርቢ እናተሓትመት ዓቢ ተቐባልነት ዝረኸበት ዓምዲ ‘ጽባሕ’ ዝያዳ ወቒባን ተወሃሂዳን ብመልክዕ መጽሓፍ ቀሪባ ኣላ!

- ህይወት ከም ድላያ ክትጻወተልካ እንተ ደሊኻ፡ ንግዜኻ ከም ድላይካ ተጻወተሉ!

***

- ንኽትህብትም እምበር፡ ንኽትደኪ ዝዕጉተካ ዋላ ሓደ ነገር የልቦን!

## መጽሓፍ ጽባሕ!

ኵሉ ህይወቱ ከመሓይሽ ዝደሊ ሰብ ከንብቦ እትግብኦ መጽሓፍ!

መጽሓፍ ጽባሕ ኣብ ስቴሽነሪታት ኣውግት፡ ጋለሪ፡ ኮታሪ፡ ካቴድራል፡ ሰላም፡ መረብ፡ ሚልካና፡ ኤርትራ፡ ኒያላ፡ የሴፍ፡ ሃገረ መጻሕፍቲ፡ ማይተመናይ ወዘተ. ኣላትኩም!

ንዝያዳ ሓበሬታ ብቑ.ስልኪ 07143877/ 07346705 ተወከሱ



ፋሚሊ ፎቶ ስቱዲዮ

ኣድራሻ

- ጎደና 119-9 ቁ. 24 ፊት ቤ/ት ጃይፍ
- ቁ.ስ. 127775
- ቁ.ስ.ሞባ 1337
- ኢ-ሜል family@gmail.com

- DIGITAL CAMERA MEDI
- DIGITAL RECORDING M
- PRINTING IN ALL SIZES
- CD & DVD BURNING SE
- ALL SIZE POSTER PRINT
- FROM :- CD
- DVD
- FLASH
- FILM
- MOBIL
- MEMOR





## ብስራት ነፍቐርቲ ሙዚቃ




እንሆ ሎሚ’ውን ብኣጋጣሚ ሓድሽ ዓመትን በዓል ልደትን፡ ርሑስ በዓል እንዳበልና **“ቀመመይ”** ዘርእስታ ብመንእሰይ ስነጥበባዊ **ኢሳያስ ደበሳይ(ሃለቃ)** ዝተዳለወት ሓዳስ ኣልበም ጀባእ ንብለኩም።

ኣከፋፋሊ
ቤት ሙዚቃ ማይኮ
ቴለ. 121383

ኣድራሻ
ድሕሪ ኣምባሳደር ሆቴል



ብሞንጎንዮት በዓል ልደት




ንረቡዕ 7 ጥሪ 2015 ኣብ ሲኒማ ሮማ
ሲኒማ ደቀምሓረ
ኣዳራሽ ባሕሪ ነገስታት (ድባርዋ)
ከምኡውን ን ቀዳምን ሰንበትን 10ን 11ን ጥሪ ኣብ ሲኒማ ኢምፓየር



ASMARA PICKLING TANNERY P.L.C.

ፋብሪካ መለሰሲ ቆርበት ኣስመራ ሓ.ዝ.ብ.ማ.

مصنع اسمرا لدباغة الجلود خاصة ومحدودة

NOTICE

Notice is here by given to the public that Asmara Pickling Tannery P.L.C. on its extra-ordinary general meeting held on 4th of August 2014 resolved that to replace Mr. MOHAMED YASSIN NURHUSSIEN as a manager and appointed Mr. BILAL YASSIN NURHUSSIEN and Mrs MUNA YASSIN NURHUSSIEN as joint managers of the company.

Asmara Pickling Tannery plc



# ሓዳስ መጽሓፍ

## Alpha Problem Solver

ዘርእስታ ሓዳስ መጽሓፍ ንኹሎም ተመሃሮ 2ይ ደረጃ ብፍላይ ንተፈተንቲ ሃገራዊ መርመራ (ማትሪክ)


ሓጋዚት ዝኾነት፡

- ✓ ልዕሊ 500 ገጻት ዝሓዘት
- ✓ ብዝተፈላለየ ዓውደ-ትምህርቲ ዝተመረቑ 40 ናይ ካልኣይ ደረጃ መምህራን ዘሳተፈት
- ✓ ብናይ ኮሌጅ መምህራን ኤዲት ዝኾነት

ትሕዝቶ መጽሓፍ

- ➢ ካብ 2010 – 2014(ናይ 5 ዓመታት) ናይ እንግሊ ቋንቋ፡ ፊዚክስ፡ ኬሚስትሪን ባዮሎጂን ናይ ማትሪክ ሕቶታት ምስ ዓሚቁን ገላጺ መብርሂታቱን ምስ መልስታቱን ሒዛ ኣብ ዕዳጋ ተዘርጊሓትልኩም ኣላ።

114940 ወይ 07151337 ተወከሱ!!






DolceVita®

THE ITALIAN LIFESTYLE

ዛኤር ሓ.ዝ.ብ.ማ. ርሑስ በዓል
“ሓድሽ ዓመትን ልደትን”
እናበለ ኣብ ዝተፈላለየ ብሉጽ ፍርያቱ ክሳብ 40%
ምጉዳል ዋጋ ከምዝገበረ ንዓማዊሉ
ከበስር ይፈቱ።

## ኣድራሻና

ኣስመራ

- ጎደና ሓርነት ቁ. 32
  ፊት ካተድራል ቤ/ክ
  ቁ.ስ. 110074
- ጎደና ተጋደልቲ (ባራቶሎ ነበር)
  ጎዳይፍ
  ቁ.ስ. 182383
- ኣስማራ ፓላስ
  ቁ.ስ. 153700 ext.2280

ከረን

- ➢ ፓላሶ ሪቫ
  ቁ.ስ. 400301

# VACANCY ANNOUNCEMENT

## 1. Heavy Mobile Equipment (HME) Mechanic (01)

Duties / Functions

- ✓ Maintains safe and clean working environment by complying with procedures, rules, and regulations.
- ✓ Ensures operation of machinery and mechanical equipment by completing preventive maintenance requirements on production machines, engines, motors, pneumatic systems, following diagrams, sketches, operations manuals, manufacturer's instructions, and engineering specifications; troubleshooting malfunctions.
- ✓ Knowledge of KPI's on all equipment
- ✓ Locates sources of problems by observing mechanical devices in operation; listening for problems; using precision measuring and testing instruments.
- ✓ Removes defective parts by dismantling devices; using hoists, cranes, and hand and power tools; examining form and texture of parts to determine failures.
- ✓ Determines changes in dimensional requirements of parts by inspecting used parts; using rules, calipers, micrometers, and other measuring instruments.
- ✓ Understands and is familiar with basic hydraulic systems.
- ✓ Controls downtime by informing production workers of routine preventive maintenance techniques; monitoring compliance.
- ✓ Maintains equipment, parts, and supplies inventories by checking stock to determine inventory level; anticipating needed equipment, parts, and supplies; placing and expediting orders; verifying receipt.
- ✓ Conserves maintenance resources by using equipment and supplies as needed to accomplish best job results.
- ✓ Provides mechanical maintenance information by answering questions and requests for team members and supervisors
- ✓ Prepares mechanical maintenance reports by collecting, analyzing, and summarizing information and trends
- ✓ Maintains technical knowledge by attending educational workshops; reviewing technical publications; establishing personal networks.
- ✓ Maintains continuity among work teams by documenting and communicating actions, irregularities, and continuing needs.
- ✓ Contributes to team effort by accomplishing related results as needed.
- ✓ Perform any verbal instructions given by supervisors as long as it does not contradict any safety standards.

Profile: Qualifications and Experience

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Relevant level of competency as a Diesel or HME Mechanic<br>• Certification of competency<br>• Minimum of 5 years as a Mechanic |
| Working Experience – Nature & Length | • 5 Years' experience as a Diesel or HME Mechanic |
| Leadership Experience – Nature & length of time | • None required but would be an advantage. |
| Other skills and abilities | • Driver's license Grade 2 |

## 2. Heavy Mobile Equipment (HME) Boiler Maker (01)

Duties / Functions

- ✓ Follow all safe work practices.
- ✓ Obtain parts and materials.
- ✓ Lays out, positions, and secures parts and assemblies according to specifications, using straightedge, combination square, calipers, and ruler.
- ✓ Tack-welds or welds components and assemblies, using electric, gas, arc, or other welding equipment.
- ✓ Access area to be welded by climbing ladder if needed.
- ✓ Operate manual and automated welding units and equipment by depositing
- ✓ metal from electrode to work piece and joins edges of work piece
- ✓ Use disc grinder to smooth out, weld, or grind parts prior to welding
- ✓ Maintain length of arc and speed of movement to form specified depth of fusion and bead.
- ✓ Weld in flat and vertical planes (all position welding).
- ✓ Examine weld for bead size and other specifications.
- ✓ Grind or clean weld joint of work piece.
- ✓ Fabricate new or replacement parts for equipment, ladders, walkways, covers, etc.
- ✓ Assemble component parts using hand and small power tools.
- ✓ Perform any verbal instructions given by supervisors as long as it does not contradict any safety standards.

Profile: Qualifications and Experience

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Grade 12<br>• Technical trade certificate |
| Working Experience – Nature & Length | • 2 to 4 years in trade |
| Leadership Experience – Nature & length of time | • None needed but would be an advantage |
| Other skills and abilities | • National driver's license GR.2 or 5 |

## 3. Heavy Mobile Equipment (HME) Auto Electrician Learner (01)

Duties / Functions

- ✓ Maintains safe and clean working environment by complying with procedures, rules, and regulations.
- ✓ Ensures operation of machinery and mechanical equipment by completing preventive maintenance requirements on production machines, auto electrical systems, following diagrams, sketches, operations manuals, manufacturer's instructions, and engineering specifications; troubleshooting malfunctions.
- ✓ Knowledge of KPI's on all equipment
- ✓ Understands and is familiar with auto electrical systems.
- ✓ Controls downtime by informing production workers of routine preventive maintenance techniques; monitoring compliance.
- ✓ Conserves maintenance resources by using equipment and supplies as needed to accomplish best job results.
- ✓ Carry out auto electrical repairs by making use of Electronic Technician (Cat ET) and diagnose problems.
- ✓ Provides auto electrical maintenance information by answering questions and requests for team members and supervisors
- ✓ Prepares auto electrical maintenance reports by collecting, analyzing, and summarizing information and trends
- ✓ Maintains technical knowledge by attending educational workshops; reviewing technical publications; establishing personal networks.
- ✓ Maintains continuity among work teams by documenting and communicating actions, irregularities, and continuing needs.
- ✓ Perform any verbal instructions given by supervisors as long as it does not contradict any safety standards.

Profile: Qualifications and Experience

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Relevant level of competency as an Auto Electrician<br>• Certification of competency<br>• Minimum of 1 years as an Auto Electrician |
| Working Experience – Nature & Length | • 1 Years' experience as an Auto Electrician |
| Leadership Experience – Nature & length of time | • None required but would be an advantage. |
| Other skills and abilities | • Fluent English language skills, both written and verbal<br>• Working knowledge and valid Driver license.<br>• GR-02 national driver's license. |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: Bisha.
- **Type of contract:** Indefinite period
- **Salary:** As per Company salary scale.
- **Additional requirement for Nationals:**
- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.
- **Address: Please mail your applications to;**

  **Bisha Mining Share Company,**

  **P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

- **Note to Eritrean applicants:**

  **Please send a copy of your application to**

  **Aliens Employment Permit Affairs,**

  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

ቀዳማይ ክፋል

# ምስላታትና ብጌጋ ኣይተርጎሙ

ብሙብራህቶም ጉብረህይወት

ደቂ ሰባት፡ ካብ ጥንቲ ጀሚሮም ኣብ ዕለታዊ ናይ ምብህሃል ህይወቶም ምስላታት ከም ዘዘውትሩ ዝፍለጥ እዩ። ኣብ መላእ ዓለም ተደላይነት ምስላ ዓቢ እዩ።

ታሪኽ ህይወት ደቂ ሰባት ከም ዘመልክቶ፡ ኣብዛ እንነብረላ ዓለም ምስላታት ዘየዘውትሩ ማሕበረሰባት ኣለዉ ክበሃል ዝከኣል ኣይመስለንን።

ምስላታት ብዋንነት ሃገራት ወይ ሕብረተሰባት ዝስመዩን ዝጽውዑን እኳ እንተ ኾኑ ብጠቢባንን ለባማትን ዝመንጨዉ ወይ ዝተማሰሉ ምኻናም ዝሰሓት ኣይኮነን።

ብሓጺሩ፡ ካብ ማሰልቲ ወልቀ-ሰባት ዝተሰጋገሩ ወርሻታት'የም። ዝተፈላለዩ ቓለም ቀማስ ምሁራን ዝተፈላለዩ መጻሕፍቲ፡ ብዓይዱሳት ጹሑፍቲ ተጻሒፎም እንረኽቦም ሓያሎ ምስላታት ኣለዉና።

ኸዚ ጉዳይዚ ኣመልኪትና ሓሳብ ክንህብ እንተ ኾይንና፡ ገለ ኽፋል ምስላታትንና ደኣ'ምበር ኩሎ ተሰኪዱ እዩ ንምባል ኣይምደፈርናን።

እቶም ዝተደብተሩ ምስላታትና እውን እንተ ኾኑ፡ ንኣሰናንዳእም ዝምልከት ዝኣክል ጽሑይ መጽናዕቲ ዝተገብረሎም ኣይመስለንን።

ከም ተበግሶ እንተ ርኢናዮም ግን፡ ዛጊት ዝተሰኩዱ ምስላታት ኣተባብዕቲ ስለ ዝኾኑ ንግዱሳት ጹሑፍቶም ሞሳን መገሰን ይግበኣም።

ገለ ኣብቶም ጽሑይ መጽናዕቲን ምርምርን ዘድልዮም ኩይኑ ዝስምዓኒ ሱጽሕፈታዊ (ሱጥበባዊ) ቅርጻም ንዘወረስናዮም ምስላታት ጉዲፍና ምስ "ጥቕሲ፡" ዘሻረና ኢና ንመስል።

ወረ፡ ምስላታት ናይ ዓበይቲን ሽማግለታትን፡ ካብኡ ሓሊፉ'ውን ናይ ጥንታውያን ሰባት ኩይኑ ዝስምዖና ሰባት እውን ብቑጽሪ ውሑዳት ኣይኮንናን።

ኣብ ወግዐይ፡ ናብ ጥቕሲ ዘሻረና ንመስል ክብል ከለኹ፡ ረብሓ ጥቕሲታት ዘንገዐ ኣይኮንኩን። እንታይ ደኣ፡ ብዘመጣጥኢ ኣገባብ ንጠቐመሎም ብዛላይ እዩ።

ብወገይ፡ ንልዕሲ 100 ጥቕሲታት ኣብ ኣጀንዳኦም ዝጸሓፉ፡ ብኣንጻሩ ኸኣ፡ ቅንጣብ ምስላ ዘየሰፈሩ መንእሰያት ኣጋጢሞምኒ ኣለዉ።

እዚ ደማ ዝውታሪ ምስላታት፡ ዘህስስ ተርእዮ እዩ። ምስላ ጥንታዊ፡ ጥቕሲ ስለ ዝኾኑ፡ ሱመጉታዊ እዩ ዝብል ርድኢት የብለይን።

ስለ ዘይተሰኩዱ ግና ናይ ቀደምን ናይ ቀረባ እዋንን ምስላታት ይደናገሩ ኣለዉ። ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ፡ ኣብ ዕድመ ሰብዓታት ዝርከቡ ኣቦ ኣብ ዘረብኦም ምስላ ምጥቃም ዘዘውትሩ ረኺበ።

"ምስላ እተዘውትሩ ካብ ዘዘስማዕኩሞ ደዩ ወይሲ ሓዲሽ ምስላ ተመንጪዉ ኢኹም፧" ዝብል ሕቶ ኣቕሪበሉሎም።

ንሶም ብወገኖም፡ ንምምሳል ከም ዘይጽገሙን ኣብ ዕለታዊ ህይወቶም ምስ ኩነታት ኣተኣሳሲሮም ሓዲሽ ምስላ ከም ዘመንጪዉን ኣዕሊሎምኒ።

ስለዚ፡ እቲ ብዝለምዶ 'ምስላ ቐዳሞት' ወይ 'ምስላ ወለዲ' ወይ 'ምስላ ኣበው' ኢልና ዝዘውትሮ ኣዘራርባ 'ምስላ ሕብረተሰብና" ብምባል እንተ ንትክኦ ሚዛናዊ ምኾነ ዝብል ኣተሓሳስባ ኣለኒ።

ከመይ'ሲ፡ ከምቶም ወለዲ ዝበሉዎ፡ ምስላ ኣብ ቀደም ጥራይ ተማሲሉ ደው ዝበለን ዘብቅዐን ከም ዘይኮነ ክርድኣና ኣለዎ።

ብዘይካ'ዚ ምስላታትና ብቀዳሞት ወለዲ ጥራይ እዩ ተማሲሉ ወይ መንፈዒ ዝብል መረዳእታ ጾታዊ ጸግዒ ዝሓዘ እዩ ዝብል ጸንዕ እምነት ኣለኒ።

"ኣዴታትና ደንቂ ምስላታት ከም ዝምስላን ናይ ገዛእ ርእሰን ምስላ ከም ዘመንጨዋን ፍጹም ክስሓት ከም ዘይብሉ'ውን ምዝንጋዕ ኣየድልን።

ቀዳሞት ኣደታትና ኣብ ፈጠራን ምምሃዘን ኣውሎን ማሰን መልቀስን ዘይንዓቕ ኣበርክቶ ከም ዝበረን እንተ ደኣ ዘኪርና ኣብ ምፍጣር ምስላታታት ሰናፋት ከም ዘይኮና ንምግንዛብ ይቐልለልና።

በዚ ምኽንያት ድማ'የ፡ ጾታዊ ማዕርነት ንምሕላው 'ምስላ ሕብረተ-ሰብና' ተባሂሉ ይስመ ብምባል ዝምጉት ዘለኹ።

ጾታዊ ማዕርነት ንምሕላው ጥራይ ዘይኮነ'ውን፡ ታሪኽ መዘኻብ ዝሰኣዶ ኣበርክቶአን ክጉሰ ወይ ደማ ፈጺሙ ክርሳዕ ስለ ዘይግባእ እዩ።

ሎሚ-ሎሚ፡ መንእሰያት ማሸኛታትን ኣላቓስቲን ንምፍራይ ኣተባባዒ ተበግሶታት ይወስዱ ከም ዘሎ ከሳትና እንዕዘቦ ዘለና ጉዳይ እዩ።

ክኢላታት መሰልቲ ማለት ምስላታት ከመንጭዉ ዝኽእሉ መንእሰያት ምምልማል እውን ኣገዳሲ እዩ። እዚ'ውን ኣቓልቦ ኽንህበሉ ይግባእ እዩ።




እውን ንኣጉዳስኡዖም ዘኩልሕ መግለጺ ሂቦምሎም እዮም።

ወርይቲ ጹሓፊትን ተመራማሪትን ሱዳንቃ ሬት ፋፌጋን ንኣድላይነት ምስላ ብዝምልከት፡ "ቋንቋ ብዘይምስላ ስጋ ኣልቦ ኣስከሬን'ዩ" ብምባል ተረድኦ።

ዝተፈላለዩ ተመራመርቲ ባህሊን ሕብረተሰብን እውን እንተ ኾኑ፡ ወርትግ፡ ኣፉቶም መግለጺን ትንተናን ክህቡሉ ይርከቡ እዮም።

ከም ኣካል ሕብረተሰብ ዓለም፡ ንሕና ኤርትራውያን ነዊሕ ሰረትን ዓሚቍ ትርጉምን መልእኽቲን ዘለዎም ምስላታት እንውንን ህዝቢ ኢና።

ምስላታት ብበዝሒ እንዘውትር ምኳንና ዘመስክር ኣብ ምስላታት ዘለና ኣድናቖትን ተምሳጦን ህያው ምስክር እዩ።

ከም መርኣያ ተጉዳስነትና ኸኣ፡ ኣብ ምእንቲ ከይስሕቱ ኣቓልቦ ምግባር ዘድሊ ይመስለኒ።

ኣቃውማእም ከይቀየሩ፡ እንተላይ ትርጉሞም ዘብርህን ዝትንትንን ዓይነት ኣጻሓሕፋ ዘጥመረ ሰድ ክኣለወለም'ውን ቅኑዕ እዩ ምባልኩ።

ከመዮ "ምስላታት ኣኣብ ዓዱ ሽሕ መገዱ፡" ዝተባህሉ፡ ተቓርሚሞምን ተሸርሚሞምን መብቆላወኑቶም ክስሓት ይኽእል እዩ።

በዚ መሰረት፡ ምስላታት መልክዖም እናለወጡ ኣብ መጻሕፍቲ እንተደኣ ሰፊሮም ሪዚን ትሕዝቶኦም መጉዳዕቲ ክወርዶ እዩ።

ኣብዚ ሕጂ ኣዋን ኣብ ምስላታትና ዘለና ኣኽብሮትን ተምሳጥን ከም ዘለዎ ኩይኑ፡ ኣብ ዘረባናን ጽሑፍናን ግን ከምቲ ዝድለ ዘዘውትሮም የለናን።

ብፍላይ ብፍላይ፡ እዞም መንእሰያት ሓዳሽ ወለዶ፡ ካብ ጥንቲ ጥቅምቲ ዘመናዊ ዝብል ርድኢት እንተ ሄልዩና ያዕ ንበሎ!

ብወገይ፡ ምስላ ናይ ቀደም ወይ ቀዳሞት እዩ ዝብል ርድኢት፡ ሓልሓሊፉ ዝሰማዕ ይኹን እምበር፡ ጌጋ ኾይኑ እዩ ዝስምዐኒ።

ምስላታት ኣብ ህይወት ደቂ ሰባት፡ ምስ ማስርሕ ኣነባብራ ዝምንጭዉ ምኻኖም ምምጋት ከድልየና እዩ።


ኩይኑ ግን፡ ብዛይ ምቅራጽ፡ "ምስላ ቀዳሞት ወለዲ" እናበልና ክንነብር ኑቲ ናይ 'ሕጂ' ህላወና'ውን ከም ምኽሓድ ማለት ኩይኑ እዩ ዝስምዐኒ።

ስለ'ዚ ምስላታት ዝለቐቅሞም ዘጉልሑም ደኣ ይደልዩ እምበር፡ ናይ ሎሚ ደቂ ሰባት ሓዲሽ ምስላ ምምንጫው ኣይከኣልን ኣይብልን።

ከምዚ እንድሕር ንብል ኳንና ኣብ ሎሚ ዘመን ዘሎ ትውልዲ ዓቕሚ የብሉን ኢልካ ከም ምድምዳም

ሓበሬታ

ኣብዘን ዝቐጸላ ዓምዲታት፡
እዘን ዝስዕባ ትሕዝቶታት ክእንገዳ እየን፤
1. ምሳሊታትና ብጌጋ ኣይተርጎሙ ብመራህቶም ጉብረህይወት
2. ሀ. ብኣቶ ተኽለ ተስፋይ ንዝተዳለወ "ምዕቡል መዝገበ-ቓላት እንግሊዝኛ-ትግርኛ" ዝግምግም ናይ ዶክተር ሐዴስ ጉብረ ማስቀል ጽሑፍ
ለ. ብፕሮፌሰር ዎልፍ ለስላው ንዝተደለወ "ምንጽጻር መዝገበ-ቓላት ግእዝ"



# ቃል



ጀነቲካዊ ለውጢ

## ካልኣይን መወዳእታን ክፋል

ከምቲ ኣብ ቀዳማይ ክፋል ዝገለጽኩዎ፡ እዚ ጽሑፍ'ዚ ንብዙሓት ርዱእ ኪይክኸውን ይኽእል'ዩ። እንተኾነ ግዳ ኣብ ካልኣይ ደረጃን ኮሌጅን ዝለዉ ተማሃሮ፡ ጠቓሚ ክኸውን ይኽእል ካብ ዝብል ሓሳብ'የ ኣብ ጋዜጣ ከቕርቦ መሪጸ። ናብ ጽሑፈይ ክኣቱ።

ብበርቱዕ ዋዒ ካብ ካቶድ (+ve) ቀጠንቲ ስልክታት (filaments) ዝፍልፍሉ ኤሌክትሮናት፡ ማግኔቲክ ፍላክስ (magnetic flux) ብዘበሃል ድፍረት ወይ ስሕበት ናብ ኣኖድ ኪይዶም ምስ'ታ ፍልይቲ ቦታ (target) ይጋጨዉ። ገለ ካብቶም ኑቲ ኣቶም ዘቖምዎ ኤሌክትሮናት ድማ፡ ካብ'ቲ ክባዊ መገዶም ይለቁ'ሞ ናብ ካልእ ኣቶም ኪይዶም የጥቅዑ ወይ ሰቕ ኢሎም ናብ ህዋ (space) ይኸዱ። በዚ ድማ፡ እታ ሓንቲ ኤሌክትሮን ዝለቐቐት ኣቶም ሓንቲ ኤሌክትሮን ተጥፍእ (loses)። እታ ዝተቐበለት ድማ ሓንቲ ኤሌክትሮን ትወስኽ (gains)። እዘን ወዛቢትን ተቐባሊትን ኤሌክትሮናት ዝኾና ኣቶማት ድማ ኣዮን (ion) ይኾና'ሞ ጸርጊ (radiation) ይፍጠር። ኣዮን (ion) ማለት ብዋሕዚ ኤለክትሪሲቲ ምስ ተዘብጠ ኤለክትሮን ዝፍትን ኤሌክትሮን ዝቕበልን ኣቶም ማለት እዩ። ጸርጊ ማለት ከኣ መስርሕ ብኣቶም ምሃብ ጸዓትን ኑቲ ጸዓት ድማ ምትሕልላፍን ማለት እዩ። እታ ካቶድ እንብላ እወታዊት ኣካል ኤክስረይ ትዩብ፡ ብሓደ ጫፍ ካብ ደገ ምስ ዝመጽእ ዋና መስመር (mains line) ቡቲ ካልእ ጫፍ ድማ ቀጠንቲ ስልክታት (filaments) ዘለዋ እያ። ኤክስረይ ብመጥቃዕቲ ናይ ግዜ ልካዕ (quanta) ብዘሎዎም ኤለክትሮናት ምስ ኣቶማት ናይ ተንግስተን ድሕሪ ምግጫው ዝፍጠር ሓድሽ ኤለክትሮ ማግኑቲካዊ ማዕበል'ዩ። እዚ ካብ ተንግስተን ዝፍጠር ሓያል ሰሊኹን ናይ ምሕላፍ ክእለት ዘለዎ ጸርጊ'ዚ፡ ብርግጽ እንታይነቱ ገና ብግልጺ ዘይተፈልጠ ጸዓት'ዩ ዝበሃል።

ብጸርጊ ኤልክስረይ ፊልም ንምልዓል ቅሩባት ምስ ኩነና፡ እቲ ዘድሊ ብዝሑት (k.v) ኪሎ ቮልት (mass) ሚሊኣምፐር ሰከንድን (quanta) ኣብ ልዕሊ'ታ መቆጻጸሪት ጠረጴዛ (control table) ንመርጽ። እዚ ቀጢን ስልኪ ተባሂሉ ዘሎ ድማ ከም ኩሎም ግዙፃት ብኣቶም ዝተሃነጸ'ዩ። ቡቲ ዝተመርጸ ዋሕዚ ኤሊክትሪሲቲ መጥቃዕቲ ምኽንያት ድማ ኣዝዩ ይረስን፣ ኣብ'ቲ ከባቢ ከኣ ኩምራ ኤሌክትሮናት (cluud of electrons) ይፍጠር። ኑቲ ምልዓል ንምፍጻም ድማ ካብ'ቲ ዘለዉዎ ከባቢ መታን ለቒቖም ክኸዱ፡ ኑቲ ኣብ ልዕሊ'ታ መቆጻጸሪ ጠረጴዛ ዘሎ ፍሉይ ቦታ ንጥውቕ። እቶም ኤሌክትሮናት ድማ ንቕድሚት ብምኻድ ምስታ ታርጌት ይጋጨዉ። ሓድሽ ኤሌክትሮ ማግኑቲካዊ ማዕበል (ኤክስረይ) ድማ ይፍጠር። እዛ ፍልይቲ ቦታ ወይ ታርጌት ተባሂላ ዘላ፡ ተንግስተን ብዝተባህለ ሜታል ዝተሃንጸት እያ። ተንግስተን ጽዑቕ ኣቶማዊ ትሕዝቶ ስለ እትውንን ብርቱዕ ዋዒ እትጻወር ብቐሊሉ መኺ'ኻ ዘይትብላሾ ሜታል እያ። እዚ እወታዊ ጸዓት ምስ ኣሉታዊ ጸዓት ብምግጫው ኣየናይዘድ ሜታል ኮይኑ ይበሃል። በዚ ምኽንያት'ዚ እዩ ድማ "ኤክስረይ እቲ እንኮ ብኣየናይዘሸን ዝፍጠር ጸርጊ" ዝበሎ።

ንጸርጊ ኤክስረይ ካብ ካልኦት ዓይነታት ጸርጊ ፍሉይ ዝገብርዎ ሓቅታት እዞም ሰዒቦም ዝጥቀሱ እዮም ቀንዲ ቀንዲ እዮም፦

- ንሱ ጥራሕ ብመስመር ኣየናይዛሸን ማለት ተንግስተን ብኤለክትሮናት ምስ ተጋጨወ ዝፍጠር
- ንብዙሓት ግዙፃት ሰሊኹ ዝሓልፍ ሓያል ጸርጊ
- ብርሃን ኮነ ዋዒ ዘይብሉ
- ንሂወታዊ ዋህዮታት እንተ ኣጥቂዑ ከሚካላውን ባዮሎጂካውን ኣሉታዊ ሳዕቤናት ኣብ ልዕሊ ተጠቃዓይ ሰብ ከኸትል
- ሂወት ዝይብሎም ግዙፃት ምስ ዘጥቅዕ ከሚካላዊ ትሕዝቶ ተጠቃዓይ ለውጥታት የስዕብ፡ ንኣብነት ንባርዮምፕላቲኖሳያናይድ ክሪስታላት ምስ ዘጥቅዕ በርሃውታዊ ብርሃን ዝፈጥር ንሱ ጥራይ ምኻኑ በዓል ፍሉይ ባህርያት የብሎ።

ፕራይመሪ ጸርጊ ኤክስረይ ካብ ኣኖድ ክብገስ እንከሎ

ሀ. ድኹም

ለ. ሓያል ማዕበላዊ ጸርጊታት ተባሂሉ ብኽልተ ዓይነት ይፍለጥ።

ሀ. እዚ ድኹም ዓይነት ኤክስረይ ጸርጊ ተባሂሉ ዘሎ፡ እቲ ኣብ ናይ ተመሃራይ ሱብነት (ኣካል) ምስ ዝዓልብ ሰሊኹ ክሓልፍ ዓቕሚ ዘይብሉ'ዩ። እዚ ዓይነት ጸርጊ'ዚ ኑቶም ናይ ኣካላት ኣቶማት እቲ ኣየናይዝድ ዝገበርዎ እዩ። ኤሌክትሮናት ካብ ናይ ዋህዮ ኣቶማት ይለቁ፡ ብኻልኦት ኤሌክትሮናት ድማ ይትክኡ፡ እዚ ምልቃቕን ምትካእን ናይ ኣቶማት ኤሌክትሮናት ንነዊሕ ግዜ ብተደጋጋሚ ምስ ዘጥቕዕ እቲ ኣብ ንቡር ኩነት ዘለዎ ከሚካላዊ ትሕዝቶ ናይ'ቶም ዋህዮታት (cells) ኣድላዪ መኣዛታትን ኦክሲጅንን ካልኦት ንሂወቱ ዘድልይዎ ነገራትን ብስሩዕ ንኸይረክብ ይጽግዎ። እቲ ናይ ዋህዮታት እኩብ ዝኾነ ኣካላትን ጽኪታትን ድማ ጥዑናዊ ጉድለት የጋጥም። እዚ ድኹም ኢልናዮ ዘሎና ዓይነታ ጸርጊ ብብዙሕ ዓቕን ናብ ኣካል ተመራማራይ በጺሑ ሃሲያ መታን ከየስዕብ ንኣብነት 2.5 ሚ.ሜ (ሚሊ. ሜትር) ዝርጉዱ ኣሉሚንዮም ብዝተባህለ ሜታል ተመጺዩ መታን ክተርፍ ኣብ ኣፍ ኤክስረይ ትዩብ ይሰኣዕ።

ለ. እቲ ሓያል ኢልናዮ ዘሎና ዓይነት ጸርጊ ድማ ኑቲ ኣሉሚንዩም፡ ሱብነት ተመርማራይን ኑቲ ንፊልም ዓቂቡ ዘሎ ካሴትን ሰሊኹ ኑቲ ኣብ ውሽጢ ካሴት ዝርከብ ብባርዩምላቲኖ ሲያናይድ ዝተሰበከ ስክሪን ብምጥቃዕ በርሃውታ ብምፍጣር ስውር ምርኢት (latent image) ናይ'ቲ ዝተሰኣለ ኣካል ይፈጥር። እዚ ዓይነት ጸርጊ'ዚ ኣብ ቅድሚኡ ንዘሎ ናይ ዋህዮታት ኣቶማት ብዘይ ሓንቲ መጥቃዕቲ ብቐጥታ ክሓልፍ ብቑዕ ሓይሊ ዘውንን ዓይነት ጸርጊ እዩ።

ጽልዋ ጸርጋዊ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ልዕሊ ሂወታዊ ዋህዮታት

ሂወታዊ ዋህዮታት'ውን ከም ኩሉ ግዙዕ ማእሊያ ብዘይብሉ ብዙሒ ኣቶማት ዝተሃንጹ ኢዮም። ሂወታዊ ኣቶማት ብጸርጊ ኤክስረይ እንተተጠቒዖም፡ ልዕል ኢሉ ከም ዝተገልጸ እቶም ኣብ ባህርያዊ ቦታኦም ዝነበሩ ኤሌክትሮናት ናይ'ቶም ተጠቃዕቲ ኣቶማት ተደፊኦም ካብ ቦትኦም ለቒቖም ናብ ካልኦት ኣቶማት ይጽግዑ ወይ ይኸዱ።

እዚ ምልቃቕን ምትካእን ኤሌክትሮናት ካብ ዋህዮታት ንነዊሕ ግዜ እንተ ኣጋጢሙ ትሕዝቶ ኤሌክትሮናት (electrical stable / balance) ናይ'ቲ ዋህዮ ይዛናበል ይርበሽ፣ እቲ ከሚካላዊ መካዚዝም ናይ'ቶም ተጠቃዕቲ ኣካላት'ውን ዘይምዕሩይ ይኸውን፡ ፡ ስሩዕ ተግባራቶም ምፍጻም ይስእኑ። ዘይምዕሩይነት ትሕዝቶ ኤሌክትሮናት (electrical unbalance) ተኸሲቱ ድማ ኣየናይዘድ ብምኻን ናብ ካልእ ከሚካላዊ ትሕዝቶ ይልወጥ'ሞ ፊዝኮ-ከሚካል ዘይምዕሩይነት ይፈጥር። ንሂወት'ቲ ዋህዮ ዘድሊ ኦክሲጅንን ካልእ መኣዛታትን ምርካብ ይስእን፣ እቶም ምትካእ ዝሰኣኑ ዋህዮታት ድማ ሂወቶም ስኢኖም ይሓልፉ።

ድንገታዊ መጥቃዕቲ ብውሑድ ይኹን ብብዙሕ፡ ንሓጺር ግዜ እንተኣጋጢሙ ግዝያዊ ለውጢ (acute chancge) ይፍጠር። እዚ ዓይነት ሳዕቤናዊ ለውጢ'ዚ ድሕሪ ኣድላዪ ሕክምናዊ ክንክን ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ናብ ንቡር ኩነት ክምለስ ይኽእል። እንተደኣ እቲ ጸርጋዊ መጥቃዕቲ ብብዙሕ ዓቐንን ንነዊሕ ግዜን ብተደጋጋሚ ኣጋጢሙ፡ እቲ ሳዕቤናዊ ለውጢ ሕዱር (chronic change) ይኸውን። ንኣብነት ንምብዛሕ ኣብ ምምቕቓል ንዝርከቡ ሓደስቲ ዋህዮታት እንተ ኣጥቂዑ፡ ከሚካላዊ መካዚዝም ወይ ወሁድ ትሕዝቶ ባእታታት ናይ'ቲ ሞለኩል ንቡር ስርሖ ምፍጻም ይስእኖ። ከም ሓፈሻዊ ውጽኢት ድማ ኣብ ልዕሊ'ቲ ተጠቃዒ ሰብ ባዮሎጂካውን ፊዝዮሎጂካውን ጉድለታት ጥዕና ይፍጠር። እቶም ርኢያት ዝኸሰቱ ኣሉታዊ ውጽኢታት ድማ፦

ሶማቲክ ለውጢ (somatic )

እዚ ዓይነት ሳዕቤን'ዚ ውጽኢቱ ኣብ ልዕሊ'ቲ ተጠቃዓይ ውልቀ ሱብ (ወይ ሰብነት) ዝኸሰት'ዩ። ንሱ ኸኣ፦

- ጸጉሪ ተጠቃዓይ ሱብ ካብ ንቡር ወጻኢ ብዝኾነ ኣገባብ ይረግፍ፣
- ቆርበት ናይ ሱብነቱ ይሕርፍፍ፣
- ኣብ ገለ ኣካላቱ ንኣብነት ኣጻብዕ ኣእዳዉ ይቖስል።
- ምቕናስ ብዝሒ ጻዕዳ ደም
- መኻንነት
- ኣድላዪ ሕክምናዊ ክንክን ብብቑዓት ኣብ ግዜኡ እንተዘይተወሲዱ ድማ ሕልፈት ሂወት የጋጥም።

ጀነቲክ ለውጢ (gentic change)

ንኣብነት ኣብ ኣካላት መፍረ ብፍላይ ኣብ ውሽጢ'ቲ ክሮሞሶም (chromosom) ዝርከብ ዘርኣዊ ውርሻ ወሳኒ ዝኾነ ባእታ (gene) ጸርጋዊ መጥቃዕቲ እንተ ኣጋጢሙ፡ እቶም ናይ'ቲ ጂን ኤሌክትሮናት ኣዩናይዘድ ይኾኑ። በዚ ድማ ትሕዝቶ ከሚካላዊ ዘይምዕሩይነት ይኽሰት። ኣብ'ቲ ዝስዕብ ውላድ ድማ ዝተፈላለዩ ናይ ጥዕና ጉድለታትን ናይ ኣካላት ዘይምዕሩይነትን ይፍጠር።

ተኣፋፍነት (sensitivity)

ጽኪታት ኣካልና ብተመሳሳሊ ንውሓት ግዜን ብሓባር ብጸርጊን እንተ ተጠቒዖም፡ ብዘለዎም ናይ ተኣፋፍነት ምኽንያት እቶም ኣካላት ተመሳሳሊ ደረጃ ዘለዎም ኣካላዊ ለውጢታት ኣየርእዩን። እቲ ተኣፋፍነት ከኣ ብዓይነት ናብ ክልተ ይኽፈል።

ሀ. ልዑል ተኣፋፍነት ዘሎዎም ሂወታዊ ዋህዮታት (high sensitity)

ሀ.1. ጽኪታት መፍረ ብፍላይ እቲ ዋህዮ ንምብዛሕ ኣብ ምምቕቓል ምስ ዝህሉ

ሀ.2. ናይ ነዋሕቲ ኣዕጽምቲ ኣንጉዕን ኣብ ካልኦት ዝርከቡ ናይ ደም ዋህዮታትን

ሀ.3. ናይ መንሽሮ ዋህዮታት

ሀ.4. ናይ መዓናጡ ውሽጣዊ ጽፍሒ

ሀ.5. ናይ ቆርበት ውሽጣዊ ጽፍሒ

ለ. ትሑት ተኣፋፍነት ዘሎዎም ሂወታዉ ዋህዮታት (low sensitivity)

ለ.1. ኣዕጽምቲ

ለ.2. ጅማውቲ

ለ.3. ናይ መላግቦታት ኣካሊታት


ለ.4. ናይ ነርቭታት ኣካሊት

እዚ ተጠቒሱ ዘሎ ናይ ተኣፋፍነት ፍልልይ ዋና ምኽንያት ከኣ እቶም ኣቶማት ኣብ፦

ሀ. ተጠቒሶም ዘለዉ ዋህዮታት ሓደስቲን ስሕዋትን ኣቶሚካዊ ቁጽሪ ስለዘለዉኑ ብቐጻሊ ናብ ኣዮን ስለ ዝልወጡ

ለ. ዘለዉ ድማ (ልዑል) ጽቡቕ ኣቶሚካዊ ቁጽሪ ስለ ዘዉንኑ፣ ንኣብነት ዓጽሚ ብዘሎዎ ካልስዮማዊ ትሕዝቶ ተሪር ስለ ዝኾነ ብቐሊሉ ኣየናይዝድ ስለ ዘይኮውን እዩም። እዚ ዘርእዩና እቶም ዋህዮታት ኣብ ሓደጋ ወዲቖም ብጸርጊ ምስ ተጠቕዑ ከሚካላዊ ትሕዝቶኦም ይዛናበል። ዋህዮታት ከኣ ኦክሲጂን ኮነ ካልእ ንሂወቶም ዘድሊ መኣዛታት ይስእኑ፣ ብዙሓት ዋህዮታት ጥዕና ከምኡ'ውን ሂወቶም ይስእኑ፣

ሰዮም ገብረሂወት ወ/ኣብዝጊ



# ስፖርት

ሃብቶም ጸጋይ

## ኖቫክ ጆኮቪች ንጋሪዝ በይል ፈቲኑ


© Getty Images

ሰርብያዊ ቁጽሪ ሓደ ብሉጽ ተጻዋታይ ተኒስ ባይታ ኖቫክ ጆኮቪች ኣብ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ፍሉይ ፍቕሪ ከምዘለዎ ይንገር። ኣብቲ ዝቐመጠሉ ከተማ ሞናኮ'ውን ብተደጋጋሚ ግዜያት ጸወታ ኩዕሶ ብኣካል ክዕዘብ ተራእዩ ኢዩ። ዝሓለፈ ሰሙን ድማ ኣብ ዱባይ ንዝተኻየደ ምሕዝነታዊ ግጥም ሪያል ማድሪድን ኤሲሚላንን ኣብ ርእሲ ምክትታሉ፡ ድሕሪ ጸወታ ምውድኡ ናብ ማእከል ሜዳ ብምእታው ምስ ዝሸበረ ተጻዋታይ ዓለምና ጋሪዝ በይል ናይ ኩዕሶ ምቕብጻብ ውድድር ኣካይዱ። ኑቲ ውድድር እቲ ሰርብያዊ ወላ'ኳ ንበይል ብቐብቐብ ክረትዖ እንተዘይከኣለ፡ ክፍትኖ ግን ክኢሉ ኢዩ። ኣብቲ ክለብ ኤሲሚላን 4-2 ዝተዓወተትሉ ጸወታ፡ ኖቫክ ጆኮቪች ኑቲ ስዕረት ዝወረዶ በይል ብኸእለቱ ክምስጦን ከዘናግዮን ድማ ተራእዩ። ሰርብያዊ ብሉጽ ተጻዋታይ ባይታ ተኒስ ኖቫክ ዕሉል ደጋፊ ክለብ ኤሲሚላን ምዃኑ ይንገር። ብዘይካ'ዚ እውን ደጋፊ ክለብ ሬድ ስታር ቤልግሬድ ናይ ሰርብያን ፖርቱጋላዊ ክለብ በፊካ ድማ ኢዩ።

## እንተዝሰምር...



ውድድራት ፕሪምየር ሊግ ኣብዚ ናይ ልዕሊ 23 ዓመት ታሪኹ ካብ ዝረኣየም ብሉጻት ተጻወትቲ ሓደ፡ እንግሊዛዊ ስቲቨን ጀራርድ ኢዩ። እዚ ምስ ክለብ ሊቨርፑል ንኣስታት 17 ዓመታት ዝተጻወተን ዝጻወት ዘሎን ብሉጽ ኣከፋፋሊ ካብ ዝቐጸል ዓመት ስፖርት ጀሚሩ ነታ ካብ 2004 ኣትሒዙ ብመዘኑት ሓሊቓ ጋንታ ዝኣሊየ ታሪኻዊት ክለብ ክሓድጋ'ዩ። ዛጊት ኑቲ ውድድራት ሓዲኾም ዘሸዱ ግን ከኣ ነብሪ ጽልዋ ዝበደፉ ብርክት ዝበሉ ተጻወትቲ'ኳ እንተሃለዉ፡ ናይ ስቲቨን ጀራርድ ዝፈልዮ ነጥቢ ግን ኣብዚ ናይ ልዕሊ 17 ዓመታት ጽንሖቱ ናይ ፕሪመር ሊግ ዋንጫ ናይ ምዕታር ዕድል ዘይምርኻቡ'ዩ። እዚ ጥራይ ዘይኮነ ብሉጽ ተጻዋታይ ፕ/ሊግ ኮይኑ'ውን ተሸሊሙ ኣይፈልጥን ኢዩ። ንውድድር ፕ/ሊግ ንምዕዋት ዝተቓረበሉ ዓመት እንተነይሩ ዝሓለፈ ዓመተ ስፖርት'ያ ነይራ። ግን ዕድል ኣይገበረን። እታ ጸዋዕ ካብ ኣፋፊት ኣንፊልድ ናብ ከተማ ማንቸስተር'ያ ኣምሪሓ። ጋንታ ናይ ምምራሕ ብሉጽ ብቕዓቱ ኣብ ናይ ቋሕ ሰብ ህሞት ንምግዛን ጸወታ ዝቕይር ኣጻዋወታኡን ሓያል ናይ ምቕላስ ባህርኡን ዝልለ ጀራርድ፡ ኣንጻር እታ ዝጠዘለ ክፋል ናይ ሂወቱ ዘሕለፈላ ሊቨርፑል ክገጥም ከምዝይደሊ ብምግላጹ ዝቐጸል ጉዕዞ ሂወቱ ካብ ውድድራት ፕ/ሊግ ወጻኢ ከምዝገፍወን ኣሚቱ ኣሎ። ይኹን እምበር ልክዕ ከምቲ ጸዋዕ ፕ/ሊግ ናይ ምዕታር ሕልሞም ንምዝዛድ ኣንጻር ናይ ቀደም ክለቦም ንምግጣም ግዳ ኑብሶም ኣእሚኖም ናብ ተቐናቐንቲ ክለባት ብቐጥታ ይኹን ብዘዘዋወሪ መንገዲ ብምኻድ፡ ጸምኣት ዓወት ውድድር ፕ/ሊግ ዘርወዩ ከም ሮቢን ቫን ፐርሲ፡ ማይክል ኦወን፡ ሳሚር ናስሪ ዝኣመሰሉ ተጻወትቲ፡ ስቲቨን ጀራርድ'ውን ብተመሳሳሊ መንገዲ ንጸዋዕ ፕ/ሊግ ክዕትር ምስጠበቕዕ በቲ ኩነታት ዝሓዘን ይኹን ዝቕሕር ደጋፊ ሊቨርፑል ዝሕሉ ኣይመስልን። እቲ ምንታይ ጀራርድ ዋንጫ ፕ/ሊግ ክዕትር ዝጉዕኡ ተጻዋታይ ብምዃኑ ኢዩ።

## ባሎቴሊ "ንጉስ ትዊተር 2014" ተባሂሉ



ኣብዚ ሕጂኖዎ ዘለና መበል 21 ዘመን፡ ስፖርታዊ ንጥፈታትን ማሕበራዊ ናይ ሜድያ ኩነታትን ብምዝዕሪ እናተጻለለዉ ይጓዕዙ ኣለዉ። ብርክት ዝበሉ ስፖርታውያን ኣብ ዝተፈላለየ ማሕበራውያን መርበብ ሓበሬታ ብዘሀቡዎ ርእይቶታት፡ ብዙሓ ቁጽሪ ሰዓብቲ እናጥረዩ ይኸዱ ኣለዉ። ብኣንጻሩ ድማ ንዘሀቡዎ ነቐፌታዊ ወይ'ውን ስምዒታዊ ርእይቶታት ተኸቲሎ'ውን፡ ብርክት ዝበለ ቁጽሪ ጸላእቲ ዘጥርዩ ኣይተሳእኑን። መርበብ ሓበሬታ ትዊተር ሓደ ካብኡዎም ዝ ዝተገልጸ ኩነታት ዘሳሲ መኣዲ ኢዩ። ብመንገዲ እዚ ማሕበራዊ መርበብ ሓበሬታ ኣብሎም ብርክት ዝበሉ ስፖርታውያን ኣብ ዝተፈላለዩ ግዜያት ንዝተፈላለዩ ጉዳያት ኣመልኪቶም ብዘሰፈሩዎ ወልቃዊ ርእይቶታት ሰዓብትን ተጻባእትን ከጥርዩ ከለዉ፡ ዋሕዚ ናይ ናእዳ ቃላትን ከምኡ ድማ ኣደዳ መቕጻዕትታን'ውን ኮይኖም ኢዮም። ኣብ 2014 ኣብ መርበብ ሓበሬታ ትዊተር ብዘበርክ ተሳትፎን ዘጥረዩዎ ብዙሓ ሰዓብትን "ንጉስ ቲዊተር" ከምኡ ከኣ "ንግስቲ ትዊተር" ዝብል ክብሪ ዝረኸቡ ክልተ ስፖርታውያን ድማ ኢጣልያዊ ማሪዮ ባሎቴሊን ደኔማርካዊት ካሮሊን ዎዝኒያኪን ኢዮም። ንሰዕረት ማንቸስተር ዩናይትድ ብክለብ ሌስተር ሲቲ ኣመልኪቱ ብዘስፈሮ ርእይቶ ናይ ልዕሊ 100 ሽሕ ሰዓብቲ ተቐባልነት ዝረኸበ ባሎቴሊ፡ ብሰሪ ስጊንጢር ጠባያቱ ብዝተጠቀምቲ መርበብ ሓበሬታ ትዊተር ተመራጺ ውልቀሰብ ኢዩ። ብኣንጻሩ ደጋፊት ክለብ ሊቨርፑል ዝኾነት ተጻዋቲት ቴኒስ ባይታ ዎዝኒያኪ ምስ ሕጹያ ነበር ንዝተፈጥረ ምብታኽ ዝምድና ተኸቲላ ኢያ ብዙሓ ሰዓብቲ ከተጥሪ ክኢላ።

## ብሰሪ ሞዴላት ውጥና ዘቐየሰት ጀርመናዊት ጋንታ

ኣብ ውድድራት ሳልሳይ ዲቪዥን ትሳተፍ ጀርመናዊት ክለብ MSV ደዩስበርግ ንመዓልዊ ዝኸና ልምምዳት ንምግባር ናብ ቱርኪ ንምኻድ ዘንቀሎቶ ውጥን ደጊማ ክትቕይሶ ተገዲዳ። ቀንዲ ምኽንያት ለውጢ እቲ ውጥን እታ ክለብ ክተዕርፈሉ ኣብ ዝሓዘኣቶ ሆቴል፡ ኣብ ቱርኪ ናይ ፋሽን ውድድር ክካየዳ ዝመጻ ልዕሊ 400 ሩሲያውያን ሞዴላት ቦታ ሒዘን ብምጽንሐን ኢዩ። ኣተዪድቲ ክለብ ደዩስበርግ እቲ ኩነታት ኣብ ልዕሊ ተጻወትቲ እታ ጋንታ ዝፈጥሮ ኣሉታዊ ጽልዋ ከምዝለዎ ብምግምጋም እቲ ናይ ልምምድ መደብ ናብ ካልእ ቦታ ከምዝቕየር ገይሮም። ብመሰረት ትእዛዝ ኣሰልጣኒ'ታ ጋንታ ሚካኤል ማር፡ እቶም ተጻወትቲ'ታ ጋንታ ኣድህቦኦም ኣብ ዘይሰርቑሉን ግቡእ ናይ ልምምድ መደባቶም ከሰላስሉ ኣብ ዝኽእሉሉን ስፍራ ክልውጡ ተገዲዶም። በዚ ምኽንያት ከኣ ካብቲ ኣቐዲሞም ክስፍሩሉ ዝወጠኑ ቦታ ናብ ካልእ ስፍራ ክግዕዙ ተገዲዶም።

## ደሃይ ምስግጋር ተጻወትቲ

- ኢሮፕራስታዊ ኣጥቃዓይ ክለብ ሰዋንሲ ዊልፍሪድ ቦኒ ኣብዚ ናይ ወርሒ ጥሪ ማዕጾ ምስግጋር ካብታ ክለብ ክወጽእ ከምዝኽእል ጋዜጣታት እንግሊዝ ኣቃሊሐን። ብሉጽ ሹቶ ኣመዝጋቢ'ታ ጋንታ ዝኾነ ቦኒ ብክለባት ሊቨርፑል፡ ቶተንሃም፡ ማንቸስተር ሲቲን ተጠሚቱ ይርከብ። ኣሰልጣኒ ሰዋንሲ ጋሪ ሞንክ ኑቲ ጉልበት ተጻዋታዩ ናብ ዝኾነት ክለብ ከምዝዩሸጦ ይገልጽ።
- ኣትሌቲኮ ማድሪድ ንተኸላኻሊያ ዲያጎ ጎዲን ዝደና ክለባት ፕ/ሊግ ኑቲ ተጻዋታይ ንምውናን 29 ሚልዮን ፓውንድ ከቕርባ ከምዘለዎን ተገሊጹ። ሓለፍቲ ኣትሌቲኮ ኑቲ ብሉጽ ተኸላኻላይ ናይ ምስዳድ ድሌት'ኳ እንተዘይሃለዎም፡ ንጸወዒት ብርክት ዝበላ ዓበይቲ ክለባት ግን ክየጉቱ ከምዘይክእሉ ይንገረሎም። በዚ ድማ ንዝተገልጸ መጠን ገንዘብ ዘቐረባ ክለባት ንጎዲን ክውንና ከምዝኽእላ ይሕበር። ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ኣርሰናልን ቸልስን ገለ ካብዘን ዝጥቀሳ ደለይቲ ጋንታታት ኢየን።
- ክለባት ኣርሰናልን ኤቨርቶንን ንተጻዋታይ ሰልቲክ ቨርጂል ቫን ጂክ የቋምታ ኣለዋ። ብፍላይ ኤቨርቶን ኣብ ልዕሊ'ቲ 8 ሚልዮን ፓውንድ ዝተተመነ ተኸላኻላይ ክቱር ተገዳስነት ኣሕዲራ ኣላ። እዚ ከምዚ ኢሉ ከሎ፡ ጀርመናዊ ሉካስ ፖዶልስኪ ንሹ ኣዋርሕ ብመልክዕ ልቓሕ ናብ ኢንተር ሚላን ተሰጊሩ። ብዘይካ'ዚ ኣርሰናል ንኣከፋፋሊ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ሰዋረዝ ንምግዛእ ኣብ ምዝርራብ ምህላዋ ብርክት ዝበላ ጋዜጣታት እንግሊዝን ስጳኛን ይሕብራ።
- ኣብ ቶሮንቶ ካናዳ ዝጻወት ጀርመይን ዴፎ ናብ ውድድራት ፕ/ሊግ ክምለስ ሰፊሕ ተኽእሎታት ከምዘሎ መትሮ ዝተባህለት መርበብ ሓበሬታ ገሊጻ። ክለባት ሌስተር ሲቲ፡ ክሪስታል ፓላስ፡ ከውፒኣርን ኑቲ እንግሊዛዊ ኣጥቃዓይ ንምጽንባር ኣብ ቅልስ ተጸሚደን ኣለዋ።
- ተጻዋታይ ክለብ ማንቸስተር ዩናይትድ ዳረን ፍለቸር ካብ ክለባት ሃል ሲቲን በርንሊን ጸወዒት ይቐርበሉ ኣሎ። እቲ ጉዳይ ኣከፋፋሊ ኣብ ክለብ ማንቸስተር ዩናይትድ ወላ'ኳ ሓሓሊፉ ናይ ምስላፍ ዕድላት ይረኽብ እንተሎ፡ ሰሙናዊ ናይ ጸወታ ዕድል ንምርካብ ናብ ካልእ ክለብ ክሰግር ከምዝኽእል'ዩ ዝንገር። በዚ ድማ ኣብዚ ሒዝናዮ ዘለና ወርሒ ካብታ ማንቸስተራዊት ክለብ ክሰናበት ከምዝኽእል ትንቢት ተንተንቲ ውድድራት ፕ/ሊግ ኢዩ።
- ጁቬንቱስ ንፖል ፖግባ እንተደኣ ሺይጣቶ፡ ኣምሳኡ ንተጻዋታይ ራዳመል ፋልካኦ ከተፈርም ቀዳማይ ዕላማኣ ምዃኑ ጋዜጣ ደሎ ስፖርት ሓቢራ። ብክልቡ 70 ሚልዮን ፓውንድ ተተሚኑ ዘሎ ፖግባ፡ ኣብ ኢድ'ታ ትሃድኖ ዘላ ፈረንሳዊት ክለብ ፒኤስጂ ምስጠዝኣቱ፡ ካብ ሽያጡ ዝርከብ ገንዘብ ንፋልካኦን ካልኦት ተጻወትቲን መግዝኢ ክውዕል ከምዝኽእል እቲ ሓበሬታ ይወስኽ።
- ፒኤስጂ እቶም ካብ ልምምዳት ኣብኩሮም ዝቐጹ ተጻወትታ ኢዲሰን ካቫኒን ኢዝኬል ላቬዚን ናብ ዝኾነት ክለብ ከምዝይትሸጦም ኣሺራ። እዞም ክልተ ተጻወትቲ ምስ ጋንትኦም ናብ ሞሮኮ ዘይምኻዶም፡ ናብ ካልእ ጋንታ ክሰግሩ ከምዝኽእሉ ዝእምት ምዃኑ'ኳ እንተተገልጸ፡ ኣተዪድቲ'ታ ሃብታም ፈረንሳዊት ክለብ ግን ኣብዚ ወርሒ ጥሪ ዝኾነ ተጻዋታይ ከምዝየለ ኢዮም ኣረጋጊጾም።



## ተወሳኺ...

- ክለባት ኣርሰናልን ሳውዝሃምፕተንን ኣብ ዝጻወታሉ ዝነበራ እዋን፡ ኣብ ኢጋ ምዝዛም እቲ ጸወታ ሓደ ደጋፊ ካብ ዝተቐመጠሉ ስፍራ ናብ ማእከል ሜዳ ዘሊሉ ብምእታው ኣብ ልዕሊ ኣሰልጣኒ ኣርሰናል ኣርሰን ቨንገር ክጉባዕበዕ ከሎ ኣብ ዓይኒ ካሜራታት ምእታዉ ይዝከር። ኑቲ ኩነታት ከምዝጸንሖ ዝገለጹ ወከልቲ ክለብ ሳውዝሃምፕተን እቲ ወልቀሰብ ደጋፊ ኣርሰናል ክኸሱ ምስ ደገፍቲ ሳውዝሃምፕተን ተቐሚጡ ጸወታ ዝዕዘብ ዝነበረ ክኸውን ከምዝኽእል ክገልጹ ከለዉ፡ ኣሰልጣኒ ኣርሰናል ቨንገር ግና፡ እቲ መንእሰይ ደጋፊ ሳውዝሃምፕተን ከምዝኾነን ኣብ ቅድሚኡ ዝኾነ ሕማቕ ቃል ከምዘይተዛረበን'ዩ ዝሕብር። ደገፍቲ ኣርሰናል ኣብ ልዕሊ'ቲ ኣሰልጣኒ ጋንትኦም ዝነበሮም እምነት ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናቐምሰለ ይመጽእ ብምህላዉ፡ እቲ ናይ ዝሓለፈ ሰሙን፡ "ቨንገር ይተኣለ" ዝብል ተርእዮ ደጊሙ ከይተራእየ ከምዘይተረፍ ተንተንቲ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ዓዲ እንግሊዝ ይእምቱ።

- እንግሊዛዊት ክለብ ማንቸስተር ዩናይትድ ከምዝሓለፉ 4 ዓመታት፡ ንዝመጽእ ዓመተ ስፖርት'ውን ናይ ሓደ ዓመት ወቕቲ-ውድድር መእተዊ ዋጋ ከምዝይወሰኽ ገሊጻ። ከም ኣገላልጻ ሓለፍቲ'ታ ጋንታ፡ እታ ክለብ ዋላ'ኳ ኣብ ዝሓለፈ ናይ ምስግጋር እዋን ብርክት ዝበለ ወጻኢታት እንተገበረትን ንዝመጽእ ዓመት ኣብ ውድድራት ሻምፒዮንስ ሊግ ናይ ምእታው ርሒብ ዕድል እንተሃለዋን ኣብ መእተዊ ዋጋ ዝኾነ ናይ ወሰኽ ለውጥታት ኣይክትገብርን ኢያ። ብመሰረት ካብታ ጋንታ ዝተረኸበ ሓበሬታ፡ ኣብ ስታድየም ኦልድትራፎርድ ጸወታታት ንምዕዛብ ናይ ዓመት መመላእታ ትኬት ንምግዛእ እቲ ዝሓሰረ ዝሕተት ዋጋ 532 ፓውንድ ክኸውን ከሎ፡ እቲ ዝኸበረ ዋጋ ድማ 950 ፓውንድ ይበጽሕ። ይኹን እምበር እዚ ዋጋ ካብ ትሕቲ 16 ዓመት ንዝዕድሚኦም ቆልዑን ልዕሊ 65 ዓመት ዝበጽሑ ኣረጋውያንን ኣይምልከቶምን ኢዩ። ትሕቲ 16 ዓመት ንናይ ዓመት ትኬት ንምውናን 190 ፓውንድ ክሕተቱ ከለዉ፡ ልዕሊ 65 ዝዕድሚኦም ኣረጋውያን ከኣ ዝኸበረ ዝሕተቱዎ ዋጋ 380 ፓውንድ ጥራይ ኢዩ።

# ስፖርት

ተስፋኣለም ገ/ዮሃንስ (ኩባ)

## ሜዳ ቦቾፈላ ተጸጊኑ

ፈደረሽን ኩዕሶ ሰከይት ዞባ ማእከል፡ ኣብ ብከበድ ወጻኢታት ከዕርዮ ዝጸንሐ ትሕተ ቅርጻዊ መሳለጥያታት ሜዳ ቦቾፈያላ ዝሓለፈ ቀዳም ብወግዒ ኣመረቐ። ሓዳስ ዝተመርጸት ኮሚተ ፈደረሽን ኩዕሶ ሰከይት ዞባ ማእከል፡ ኣብ ንልዕሊ 10 ዓመታት ዝኾነ ጽገናዊ ምሕዳስ ከይተኻየደሉ ዝጸንሐ መጻወቲ ሜዳ ቦቾፈያላ ንምትዕርራይ ከም ቀዳማይ ዕማማ ወሲዱ፡ ምስ ኮሚሽን ስፖርት ዞባ ማእከል ብምትሕብባር ንዝተፈላለዩ ትሕተ ቅርጻታት'ቲ ሜዳን ከምኡ'ድማ እቲ መጻወቲ ሜዳን ብከበድ ወጻኢታት ከምዝጸገን ገይሩ። ኣብቲ ዝሓለፈ ቀዳም ኣብ ሰዓታት ድ/ቀ ዝተኻየደ መኽፈቲ ስነ ስርዓት፡ ፕረዚደንት ፈደረሽን ኩዕሶ ሰከይት ዞባ ማእከል ኢንጅነር ሄኖክ ኣሚነ ንኹሎም ነቲ ስራሕ ዕውት ንኽኸውን ዝሓገዙ ኣካላትን ኣብ ስራሕ ዝተሳተፉ ወለንተኛታት ስፖርታውያንን ቤተ ሰብ ሜዳ ቦቾፈያላን ብምምስጋን፡ እቲ ፈሊሙ ዘሎ ስራሕ ማጠቓለሊ ደኣ'ምበር ኣኻሊ ከምዘይኮነ ኣስሚሩሉ። ኣብቲ ብርክት ዝበሉ ተጻዛብቲ ዝተረኸቡሉ ኣጋጣሚ ኣብ ዝሓለፈ ዓመተ ስፖርት ኣብ ውድድራት 1ይ ዲቪዥን ደቂተባዕትዮ ቀዳማይን ካልኣይን ደረጃ ሓዚዘን ዝዛዘማ ጋንታታት ማይተመናይን ብድህሆን ምሕዝነታዊ ጸወታ ኣካይደን። ኣብቲ መሳጢ ጸወታ ማይተመናይ 72 ብ43 ዝኾነ ውጽኢት ንብድሆ ክትረትዓ ከሎ፡ ተጻዋታይ ጋቢታ ማይተመናይ ሚልዮን ብርሃ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ምሸት ኮይኑ ኣምሲዩ። ብዘይካ'ዚ ኣቐዲመን ናይ 2ይ ዲቪዥን ጋንታታት ደቂተባዕትዮ እዋንን ሓብንን ኣብ ዝካየዶ ጸወታ፡ እዋን 50 ብ 26 ረቲዓ። እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ሓደሽ ዓመተ ስፖርት ውድድራት ኩዕሶ ሰከይት ዞባ ማእከል ዝመጽእ ቀዳመ ሰንበት ብዝከርዑ ግጥማት ክፍልም ምኳኑ ኮሚተ ፈደረሽን ኩዕሶ ሰከይት ዞባ ማእከል ኣፍሊጡ።

ህዝባዊ ርክባት ፈ/ኩ/ሰ/ዞባ ማእከል

## ሮናልዶ ሻድሻይ ኮይኑ



ክርስትያኖ ሮናልዶ ዝሓለፈ ሰንበት ክለቡ ርያል ማድሪድ ብቫለንስያ ኣብ ዝተሳዕረትሉ ናይ ላሊ ጋ ጸወታ፡ ብፍጹም ቅላዕ ሸቶ ምምዝጋቡ ይዝከር። በዚ ሸቶ እብሉ ድማ ሮናልዶ ኣብ ደረጃታት ናይ ኩሉ እዋን ብሉጻት ኣመዝገብቲ ሸቶ መላእ ዓበይቲ ሊጋት ኤውሮጳ ሻድሻይ ኮይኑ ስሙ ብሓደሽ ክብረወሰን ኣጻዊዑ። እታ ሮናልዶ ኣብ ግጥም ኣንጻር ቫለንስያ ዘመዝገባ ሸቶ ኣብ ላሊ ጋ ማብል 28 ሸቶኡ ኮይና ተመዝጊባ ኣላ፤በዚ ድማ ኀርደን ሆድሰን ምስ ዝተባህለ ኢንግሊዛዊ-ደቡብኣፍሪቃዊ ተጻዋታይ ክለብ ሊቨርፑል፡ ኣስቶንቪላን ሊድስ ዩናይትድን ክመዓራረ ክኢሉ'ሎ። ሆድሰን ካብ 1926 ክሳብ 1939 ኣብ ዝነበረ ግዜ ብጠቕላላ 287 ሸቶታት ብምምዝጋብ ስሙ ኣብዚ ደረጃ ከሰፍር ዝኸኣለ። ዓበይቲ ሊጋት ኤውሮጳ ተባሂሎም ዝጽውዑ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ፡ ላሊ ጋ ስጳኛ፡ ቡንደስ ሊጋ ጀርመን፡ ሰሪ ኣ ኢጣልያን ሊግ ዋን ፈረንሳን እዮም። ወዲ 29 ሮናልዶ ነዚ ደረጃታት ክበጽሕ ዝኸኣለ ኣብ ላሊ ጋ 203 ኣብ ፕሪመር ሊግ ድማ 84 ሸቶታት ብምምዝጋብ እዩ። ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት መቐናቕንቱ ዝኾነ መሲ ኣብዚ መሰርዕ መበል 11 ደረጃ እዩ ዝርከብ፡ ንሱ ኣብዚ መድረኽ ካብ ሮናልዶ ብ30 ሸቶታት ድሒሩ ኣሎ። ንመሳልል ናይ ኩሉ እዋን ዝበለጹ ኣመዝገብቲ ሸቶ ብሉጻት ሓሙሽተ ሊጋት ኤውሮጳ ዝመርሐ ዘለው ሓሙሽተ ምስ እንርኢ፡ ጂሚ ግሬቭስ እንግሊዛዊ ኣብ 1957-71 ብ 366 ሸቶታት ቀዳማይ። ገርድ ሙለር ጀርመናዊ 1965-79 ብ365 ሸቶታት ካልኣይ። ስቲቭ ብሉመር እንግሊዛዊ 1892-1914 ብ317 ሸቶታት ሳልሳይ። ዲክሲ ደያን እንግሊዛዊ 1924-1938 ብ310 ሸቶታት ራብዓይ። ደልዮ ኣለስ ኣርጀንቲና/ኢጣልያ 1971-86 ብ299 ሸቶታት ሓምሻይ።



## ዕጫ ራብዓይ ዙርያ ዋንጫ ኤፍ ኤ

ዕጫ ራብዓይ ዙርያ ዋንጫ ማሕበር ኩዕሶ እግሪ እንግሊዝ ዝሓለፈ ሰኑይ ምሸት ወዲቑ። በዚ መሰረት ማንቸስተር ዩናይትድ ኣንጻር ካምብሪጅ ዝተባህለት ኣብ ካልኣይ ዲቪዥን እትነጥፍ ጋንታ በጺሕዋ። ኣብ መንጎ እዘን ክልተ ክለባት ዘሎ ናይ ዓቕሚ ፍልልይ ኣብ ግምት ብምእታው ተንተንቲ ማንቸስተር ዩናይትድ ዝፈኸሰት መጋጥምቲ ከም ዘበጽሓታ ይገልጹ ኣለው። ብመሰረት እቶም ተንተንቲ ኣብ መንጎ እዘን ክለባት 79 ናይ ሊግ ደረጃታት ፍልልይ ከም ዘሎ የረድኡ። ብተወሳኺ መራሒት ፕሪመር ሊግ ዘላ ክለብ ቸልሲ እውን ካብ ኣብ ሻምፕዮንሺፕ እትነጥፍ ሚልዎልን ኣብ ቀዳማይ ዲቨዝዮን እትሳተፍ ብራድፎርድን ክትገጥም ብምኻና ዝሓሸ ዕጫ ከም ዘበጽሓ ይግለጽ ኣሎ።

<u>**ዕጫ ራብዓይ ዙርያ ዋንጫ ኤፍ ኤ**</u>

ሳውዝሃምፕተን/ ኢፕስዊች ኣንጻር ክሪስታል ፓላስ
ካምብሪጅ ዩናይትድ ኣንጻር ማንቸስተር ዩናይትድ
ብላክበርን ሮቨርስ ኣንጻር ስዋንሲ ሲቲ
ቸልሲ ኣንጻር ሚልዎል/ብራድፎርድሲቲ
ደርቢ ካውንቲ ኣንጻርስኩንቶርፕ/ቸስተርፊልድ
ፕረስቶን ኣንጻር ሸፊልድ ዩናይትድ
በርሚንግሃም ኣንጻር ዌስትብሮም
ኣስቶንቪላ ኣንጻር በርንማውዝ
ካርዲፍ ኣንጻር ሪዲንግ
ሊቨርፑል ኣንጻር ቦልቶን
በርንሊ /ቶተንሃም ኣንጻር ለስተር ሲቲ
ብራይተንን ሆቭ ኣልቢዮንን ኣንጻር ኣርሰናል
ሮቻድል ኣንጻር ስቶክ ሲቲ
ሳንደርላንድ ኣንጻር ፋልሃም/ዎልቨርሃምፕተን
ዶንካስተር/ብሪስቶል ኣንጻር ኦቨርቶን/ ዌስትሃም
ማንቸስተር ሲቲ ኣንጻር ሚድልስብሮ

እዚ ግጥማት ዝመጽእ 24-25 ጥሪ ክቶየድ ምኳኑ ማሕበር ኩዕሶ እግሪ እንግሊዝ ኣብ ዘውጸኦ መደብ የጽር።

## ባርሰሎና

ባርሰሎና ኣብዘን ዝሓለፋ ክልተ ዓመታት ፍጹም ኣይቀደዋን። እዚ ኣብ ሜዳ ይኹን ካብ ሜዳ ወጻኢ ኣብ ዘሎ ኩነታታ ጎሊሑ ይረኣ። ኣብ ዝሓለፈ ኣርባዕተ ዓመታት ዳይረክተር ኩዕሶ እግሪ ኮይኑ ክሰርሕ ንዝጸንሐ ኣንዶኒ ዙብዛሬታ ካብ ስልጣኑ ከምዝብረረቶ ይግለጽ ኣሎ። ካብ 1986 ክሳብ 1994 ኣብ ዝነበረ ግዜ ሓላው ልዳት እታ ክለብን ሃገራዊት ጋንታ ስጳኛን ዝነበረ ወዲ 53 ዙብዛሬታ መተካእታ ናይቲ ኣብ ክለብ ማንቸስተር ሲቲ ኣብ ተመሳሳሊ መዝነት ዝሰርሕ ዘሎ በግሪስታን ኮይኑ እዩ ክሰርሕ ጀሚሩ። ብጉዳይ ኔይማርን ምስግጋር ትህዲ 18 ዓመት ተጻወትቲን ኣብ ቤት ፍርዲ ክትመላለስ ዝወረሐት ባርሳ፡ ኣብ መውዳእታኡ ፈፉ ኣብ ዓመተ 2015 ዝኾነ



ይኹን ተጻዋታይ ከተሰጋግር ከም ዘይትኽእል ተበይኑላ እዩ። ብተወሳኺ ምስ ዙብዛሬታ ብቐረባ ክሰርሕ ዝጸንሐ ሓሊቓ ጋንታ ዝነበረ ካርለስ ፑዮል ካብ ንዝሓለፈ ሰለስት ኣዋርሕ ክሰርሓሉ ዝጸንሐ መዝነት ተሓጊጊዙ ዳይረክተር ስፖርት ብፍቓዱ ምእላዩ ይግለጽ ኣሎ። በዚ ድማ ባርሳ ምስቲ ኣብ ዝሓለፈ ቀዳመሰንበት ዝተኻየደ ግጥማት ላሊ ጋ ብናይ ሞየስ ሶሴዳድ ዘወረዳ ስዕረት ተደሚሩ ኣብ ነውጺ ዘላ ክለብ ተባሂላ ትግለጽ ኣላ።

## ዋንጫ ሃገራት ኤስያ



ዋንጫ ሃገራት ኤሲያ ኣብ ሃገረ ኣውስትራሊያ ክቶየድ እዩ። ኣብቲ ዝመጽእ ቀዳም 9 ጥሪ ብወግዒ ዝኽፈት ግጥማት 16 ሃገራት ኣብ ኣርባዕተ ምድብ ተኸፊለን ውድድራተን ከካይዳ እየን። ኣብ ጉጅለ ሀ ዝርከብ ሃኣገራት ኣውስትራልያ፡ ደቡብ ኮርያ፡ ዖማንን ኩዌትን። ኣብ ጉጅለ ለ ኡዝበኪስታን፡ ስዑዲ ዓረብ፡ ቻይና፡ ሰሜን ኮርያ። ኣብ ጉጅለ ሐ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ፡ ቀጠር ኢራን፡ ባሕሬን። ኣብ ጉጅለ መ ጃፓን፡ ዒራቕ፡ የርዳኖስ፡ ፍልጤም ተመዲበን ይርከባ። እዚ ንመበል 16 ግዜኡ ዝቶየድ ዘሎ ውድድር እዩ። ክሳብ ሕጂ ሽውዓተ ሃገራት ጥራይ ተዓዊተን ኣለዋ። ካብዚ ጃፓን ኣርባዕተ ግዜ ብምዕዋት ክትመርሕ ከላ፡ ኢራንን ስዑዲ ዓረብን ነፍሲ ወከፈን ሰለስተ ግዜ ደቡብ ኮርያ ድማ ክልተ ግዜ ተዓዊተን ይስዕባ። ዝኾኑት ሃገራዊት ጋንታ ናይ ሃገራት ኤሲያ ኣብ ኩሉ ውድድራት ዋንጫ ኤሲያ ብተኸታታሊ ኣይተሳተፈትን። ኢራንን ደቡብ ኮርያን ኣብ 12 ውድድራት ተሳቲፈን። ቻይና ኣብ 10 ከምኡ ድማ ኩዌት ኣብ 9 ውድድራት ዝተሳተፋ ሃገራት እየን። እዚ ውድድር ንፋልማይ ግዜኡ ካብ ጂኦግራፍያዊ ኣቀማምጣ ኣህጉር ኤሲያ ወጻኢ ይካየድ ኣሎ። በዚ መሰረት ተሳተፍቲ ሃገራት ኣብ መንጎ 8,000 ክሳብ 14,000 ኪሎሜትር ጉዕዞ ክሸፍና ክግደዳ እየን። እዚ ውድድር ንመበል 15 ግዜኡ ካብ ዝተኻየደሉ እቲ ሽዱሽተ ዘኣንጉዳኦ ሃገራት ተዓዊተናሉ። ይኹን እምበር ድሕሪ ጃፓን 1992 ካብ ኣዚ ውድድር ኣኣንጊዳ ዝተዓወተት ሃገር የላን።

## ዋንጫ ኣፍሪቃ

ኣኣንጋዲት ዋንጫ ኣፍሪቃ 2015 ዝኾነት ኢኳቶርያል ጊኒ ሓደሽ ኣሰልጣኒ ቆጺራ። ሃገራዊት ጋንታ ኢኳቶርያል ጊኒ ኣብ ትሕቲ ኣሰልጣኒ ኣንዶኒ ጎይኮጻ እያ ክትእለ ጸኒሓ። ሓደሽ ኣሰልጣኒ ኢኳቶርያል ጊኒ ኮይኑ ተመዚዙ ዘሎ ኣርጀንቲናዊ ኢስተባን ቤከር ዓለሚ ሃገራዊት ጋንታ ደቂ ኣንስትዮ ኢኳቶርያል ጊኒ ዝነበረ እዩ። ንሱ ኣብ 2012 ኑታ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ሃገራዊት ጋንታ ተዓዊቲት ዋንጫ ሃገራት ኣፍሪቃ ክትከውን ኣኽኢልዋ እዩ። ኣሰልጣኒ ቤከር ኑታ ናይ መኽፈቲ ግጥም ኣንጻር ኮንጎ ዝጸበዮ ጋንት ናይ 11 መዓልታት ናይ ምድላው ግዜ ጥራይ እዩ ዘለዎ። ብተወሳኺ ቤከር ኣብ ምድቡ ኣንጻር ሃገራውያን ጋንታት በርኪናፋሶን ጋቦንን ክገጥም እዩ። ኢኳቶርያል ጊኒ ኣብ ወዳእ ሰዓት ንሞሮኮ ተኪኣ እያ ነዚ ውድድራት ከተኣንግድ ብቦፍ ተመሪጻ። እታ ሃገር ኣብ እዋን መጻረዪ ዘይሕጋዊ ተጻዋታይ ብምስላፉ ካብ ምድባ ምሕላፍ ስኢና ምንባራ ይዝከር።



# ብሪጣንያ፡ 2.5 ሚልዮን ሰባት ብመንሸሮ ይጥቅዑ



ኣብ ብሪጣንያ 2.5 ሚልዮን ሰባት ምስ መንሸሮ ይነብሩ ከምዘለዉ ምንጭታት ጥዕና'ታ ሃገር ገሊጾም። ብመሰረት "ማክሚላን ካንሰር ሳፖርት" ዝተባህለ ትካል ዘቖየሞ መጽናዕቲ፡ እዚ ተመዝጊቡ ዘሎ ልዑል ቁጽሪ ሕሙማት መንሸሮ፡ ኣብ ታሪኽ'ታ ሃገር ዝለዓለ ጥርዚ ምዃኑ ተፈሊጡ።

ተመራመርቲ'ታ ሃገር፡ ጠንቂ ናይቲ ኣብ ብሪጣንያ ተመዝጊቡ ዘሎ ሓድሽ ክብረወሰን፡ ምስ ብዙሓ ኣከባብን ዘይጥዑይ ስርዓት ኣመጋግባን ዝተኣሳሰር ምዃኑ'ዩ ዘረድኡ።

ብተወሳኺ ኣብታ ሃገር ዝተኣታተወ ምዕቡል ኣገባብ ፍወሳ፡ ብዙሓት ናይቶም ምስ መንሸሮ ዝነብሩ ሰባት እናወሰኸ ክመጽእ ዕድል ከምዝሃበ ሱብ ሞያ ጥዕና ብሪጣንያ የገንዝቡ።

ኣብ ብሪጣንያ ብዙሓት ናይ ዕድመ ሱቡጸጋ እናወሰኸ ምምጽኡ'ውን ኣብ ብዙሓት መንሸሮ እወታዊ ተራ ይጻወት ከምዘሎ'ዩ ክኢላታት'ታ ሃገር ዘጽንዑ።

ሱብ ሞያ ብሪጣንያ፡ ብዙሓት ናይቶም ምስ መንሸሮ ዝነብሩ ዜጋታት'ታ ሃገር እናወሰኸ ኣብ ዝመጽእ ዘሎ እዋን፡ ንኣገልግሎት ሕክምና ዝውዕል ወጻኢታት'ውን ምስኡ ይዓቢ ምህላዉ ብምምልካት፡ እዚ ተርእዮ ኣብ ቁጠባ'ታ ሃገር ተጽዕኖ ከምዝፈጥር ኣረዲኦም።

ኣብ ሃገራት ምዕራብ ብሓፈሻ ብዙሓት ሕማም መንሸሮ እናወሰኸ ይመጽእ ከምዘሎ'ዩም ጸብጻባት ጥዕና ዘመልክቱ።

# "ብኢቦላ ዝተቐዝፉ ግዳያት ሸሞንተ ሽሕ በጺሖም" ውድብ ጥዕና ዓለም



ሕማም ኢቦላ ኣብ ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪቃ ክሳዕ ካብ ዝጀመረ ቁጽሪ ግዳያት ልዕሊ 8,153 ከምዝበጽሐ ውድብ ጥዕና ዓለም ሓቢሩ።

እቲ ኣህጉራዊ ውድብ ኣብ ዝዘርገሖ ሓበሬታ፡ እዚ ዝተጠቕሰ ኣሃዝ በቲ ሕማም ከምዝሞቱ ናይ ዝተረጋገጹ ሰባት ቁጽሪ ከምዝኾነ ብምምልካት፡ ኣብ ሕክምና ከይበጽሑን ከይተመዝገቡን ናይ ዝሞቱ ግዳያት ኢቦላ ሓቀኛ ኣሃዝ ክሳብ 20 ሽሕ ከምዝበጽሕ ኣፍሊጡ።

ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃ ዝሓለፈ ዓመት ዝተቐልቀለ ለበዳ ኢቦላ፡ ንሃገራት ላይበርያ፡ ሰራልዮን ጊኒን ብኸቢድ ከምዝጠቕዐን ይሕብር። ኣብ ላይበርያ 3471 ብሕማም ኢቦላ ክሞቱ እንከለዉ፡ ኣብ ሰራልዮን 2915 ከምኡውን ኣብ ጊኒ 1767 በቲ ቀዛፊ ሕማም ህይወቶም ከምዝሰኣኑ ወግዓውያን ጸብጻባት የመልክቱ። ብዘይካ'ዚ ኣብ ማሊ፡ ናይጀርያን ኣመሪካን 15 ሰባት ብኢቦላ ከምዝሞቱ ተረጋጊጹ ምህላዉ ይጥቀስ።

ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃ ብሰንኪ ኢቦላ ዝፈጠረ ማሕበረ-ቁጠባዊ ክሳራ ወሪዱ ምህላዉ'ዩም ክኢላታት ዘረድኡ።

ብኻልእ ወገን፡ መንግስቲ ላይበርያ ኣብታ ሃገር ክረኣ ዝጸንሐ ለበዳ ኢቦላ እናንገደለ ይመጽእ ብምህላዉ፡ ተዓጽዮን ዝጸንሓ ኣብያተ ትምህርቲ ዳግማይ ክኸፈታ ኣዘዘ።

ኣብያተ ትምህርቲ'ታ ሃገር ክሎሪናዊ ማይ፡ ቴርሞሜተርን ካልእ ጸረ-ኢቦላ ዘገልግል መሳርሒታትን ዓጢቐን ከምዘለዋ ድማ ሚኒስትሪ ትምህርቲ'ታ ሃገር ገሊጹ።

ኣቐዲማ ሰራልዮን ኣብታ ሃገር ክረኣ ዝጸንሐ ለበዳ ኢቦላ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር እናኣተወት ትመጽእ ከምዘላ ምግላጻ ጸብጻባት የመልክቱ።

ዛጊት ፍቱን መድሃኒት ዘይተረኽቦ ሕማም ኢቦላ፡ ብኣካላዊ ምትንኻፍ ጥራይ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ዝሓልፍን ኣብ ሕሙማት ብርቱዕ ወጽኣት፡ ተምላስን መድመይትን ኣስዒቡ ዝቐዝፍን ሕማም'ዩ።

# ዜና ብሓጺሩ

ሶማልን ኣፍሪቃ

ኣብ መንጎ ምስርን ሞሮኮን ዝጸንሐ ዝምድና እናኻሕከረ ይመጽእ ምህላዉ ማዕከናት ዜና ፕረስቲቪ ሓቢሩ።

ዝምድና ክልቲአን ሃገራት እናሓሕለሐ ኣብ ዝመጽኡ ዘሎ እዋን፡ ኣምባሳደር ሞሮኮ ኣብ ምስሪ ናብ ዓዱ ከምዝተመልሰ እቲ ሓበሬታ ኣዘኻኺሩ። እንተኾነ ምስሪ ነቲ ዲፕሎማሲኛ ናብ ሃገሩ ክምለስ ከምዝኣገደደቶ'ያ ትገልጽ።

ብመሰረት ሓበሬታ ፕረስ ቲቪ፡ ዝምድና ክልቲአን ሃገራት ዝሸሓከር ዘሎ፡ መንግስታውያን ማዕከናት ዜና ሞሮኮ ንፕረዚደንት ምስሪ ዓብደል ፈታሕ ኣል ሲሲ "መራሒ ዕልዋ" ብምባል ክወቕስኦ ብምጅማረን'ዩ።

ኣቐዲማ ምስሪ ኣብ ኣልጀርያ ኣብ ዝተኻየደ ኣህጉራዊ ዋዕላ፡ ንተቓዋሚ ሓይሊ ሞሮኮ - ግንባር ፖሊሳርዮ ዘለዋ ደገፍ ምግላጻ ንሞሮኮ ዘቖጠዐን ንዝምድና ክልቲአን ሃገራት ዓሪብ ክልሕልሕ ዝደረኸን ምንባሩ ተንተንቲ ፖለቲካ'ቲ ዞባ የገንዝቡ።

ካሽሚር

ኣብ ዞባ ካሽሚር ኣብ መንጎ ሓይልታት ህንድን ፓኪስታንን ብዝተወለዐ ግጭት ብውሕዱ 5 ሰባት ተቐቲሎም። ሰራዊት ፓኪስታን ኣብ ዝዘርገሖ ሓበሬታ፡ እቲ ግጭት ኣብ ጥቓ ከተማ ሳይልኮት ከምዝተወለዐን ዝጠዓሑ ግዳያት ሲቪላውያን ሰባት ከምዝኾኑን ገሊጹ። ህንዲ ብወገና ኣብቲ ግጭት ሓደ ወተሃደራ ከምዝተቐትለ ገሊጻ።

ኣብዚ ቕንያት'ዚ ኣብ መንጎ ህንድን ፓኪስታንን ዘሎ ወጥሪ እናኸፍአ ምምጽኡ ጸብጻባት የመልክቱ። ዝሓለፈ ሰሙን "ሳምባ" ኣብ ዝተባህለ ከባቢታት ካሽሚር ኣርባዕተ ወተሃደራት ፓኪስታን ብሓይልታት ህንዲ ከምዝተቐትሉ ፓኪስታን ትኸስስ።

ዝሓለፈ ጥቅምቲ ኣብ ዞባ ካሽሚር ኣብ መንጎ ሓይልታት ክልቲአን ሃገራት መዓልታት ዝወሰደ ግጭት ከምዝተኻየደን ብውሕዱ 16 ሰባት ህይወቶም ከምዝሰኣኑን ማዕከናት ዜና ይሕብራ።

ሶርያ

ሓይልታት ኩርድ፡ ኣብ ሰሜናዊ ሶርያ እትርከብ ከተማ ካብ ኢድ ዕጡቓት ዳዕሽ ከምዝመንዘዑ ሓቢሮም። እቶም ሓይልታት ኣንጻር ዕጡቓት ዳዕሽ መጥቃዕቲ ብምኽፋት ነታ 'ማቅታላ' ዝተባህለት ኣብ ጥቓ ከተማ ኮባኒ እትርከብ ከተማ ከምዝሓዙዋ ገሊጾም።

ዕጡቓት ዳዕሽ ካብ ዝሓለፈ መስከረም ኣትሒዞም ንሓያሎ ክፋል ከተማ ኮባኒ ተቖጻጺሮሞ ምጽንሖም ይፍለጥ። እንተኾነ ኩርዳውያን ዕጡቓት ኣንጻር'ቶም ዕጡቓት ተሪር ተቓውሞ ከርእዩ ምጽንሖም ጸብጻባት ይሕብሩ።

ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ዕጡቓት ዳዕሽ ቀጻሊ ደብዳብ ነፈርቲ ኣብ እተካይደሉ ዘላ እዋን፡ ኩርዳውያን ዕጡቓት ብወገኖም ከባቢታት ኮባኒ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሮም ንምእታው ይንቀሳቐሱ ምህላዎም ምንጭታት'ቲ ዞባ ይገልጹ።

# ፈረንሳ ኣብ ልዕሊ ሩስያ ጸኒዑ ዘሎ እገዳ ክለዓል ድሌታ ትገልጽ

ፈረንሳ ኣብ ልዕሊ ሩስያ ጸኒዑ ዘሎ ቁጠባዊ እገዳ ክለዓል ድሌታ ምዃኑ ኣፍሊጣ። ፕረዚደንት ፍራንሷ ኦላን እቲ ኣብዚ ወርሒ'ዚ ዝካየድ ዝርርብ ሰላም ዩክሬን ምዕባለ እንተርእዩ፡ ኣብ ልዕሊ ሩስያ ዝተኣወጀ እገዳ ክለዓል ከምዝኾኖ ገሊጹ።

እቲ ፕረዚደንት፡ ሩስያ ንምብራቓዊ ዩክሬን ናይ ምቁራራን ውጥናት ከምዘይብላ ብፕረዚደንት ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን ከምዝተረጋገጸሉ ብምግላጽ፡ እቲ ኣብ ልዕሊ ሞስኮ ዝጸንዐ እገዳታት ኣብ ዝሓጸረ እዋን ክለዓል ከምዝለዎ ኣገንዚቡ።

ብተወሳኺ ምክትል ቻንስለር ጀርመን ሲግማር ጋብሪኤል፡ ኣብ ልዕሊ ሩስያ ተወሳኺ እገዳታት ከይውሰን ኣጠንቂቑ። ንሱ፡ ጉዳይ ዩክሬን ምዕባለ እንተርእዩ፡ ኣብ ልዕሊ ሩስያ ዝትግበሩ እገዳታት ትርገም ከምዝይብሉም ኣረዲኡ።

ኣመራርሓ ገለ ኤውሮጳውያን ሓይልታት፡ ብመገዲ እገዳታት ንሩስያ ናይ ምድኻም ውጥናት ከምዘለዎም ድማ ኣቃሊዖም።

ኣመራርሓ ኤውሮጳዊ ሕብረት፡ ሩስያ ንቕልውላው ዩክሬን ዚጋድድ ስጉምቲ ከምእትወስድ ብምውቃስ፡ ኣብ ልዕሊኣ ሓያሎ ቁጠባዊ እገዳታት ከምዝወሰና ኣይርሳዕን።

# ተወሳኺ

ኣብ ኔፓል ንደቀንስትዮ ጥራይ ኣገልግሎት መጓዓዝያ ዝህባ ሚኒ-ባሳት ስርሐን ጀሚረን። እተን ሚኒ-ባሳት ኣብ ርእሰ ከተማ ኔፓል - ካትማንዱ ንደቀንስትዮ ጥራይ ኣገልግሎት ይህባ ምህላወን ተሓቢሩ።

ነቲ ሓሳብ ዘበገሰ ሓደ ትካል መጓዓዝያ ኔፓል ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ዕላማኡ ኣብ ህዝባዊ መጓዓዝያ ከተማ ካትማንዱ ኣብ ልዕሊ ደቀንስትዮ ከምዝወርድ ንዝገለጹ ግሁን ጾታዊ በደላት ንምክልኻል ምዃኑ ሓቢሩ።



ኣብ ኔፓል ኣብ 2013 ብመሰረት ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ኣብታ ከተማ ሓደ ርብዒ ካብ መንእሰያት ደቀንስትዮ ኣብ ህዝባዊ መጓዓዝያ ጾታዊ በደላት ይወርደን።

ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ህንዲ ኣብ ሓንቲ ናይ ከተማ ኣውቶቡስ ኣብ ልዕሊ ሓንቲ ጓለንስተይቲ ዝወረደ ጾታዊ ዓመጽን ቅትለትን ኣብቲ ዞባ ቁጠዐ ከምዘለዓዓለ ምንጭታት ዜና ይሕብሩ።